# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.69 | ረቡዕ 20 ሕዳር 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 4
ፍታሕ ዘይተረኽቦ ዓለም-ለኻዊ ሓደጋ


ገጽ 5
ነጥበ መቐይሮ


ገጽ 6
"ትምህርቲ፡ እምነ ኩርናዕ ብሉጻት ቈልዑ!"


ገጽ 7
ህዝቢ ባጆ


ገጽ 11


ዝርዝር ሕጹያት ሽልማት "ካፍ" ተዘርጊሑ


# ሚኒስተር ተስፋይ፡ ኣብ ዋዕላ ክሊማዊ ለውጢ ሕ.ሃ. መደረ ኣስሚዑ



ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ፡ "ምትሕብባር ንሓምላይ ዓለም" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 11 ክሳብ 22 ሕዳር ኣብ ባኩ - ርእሲ ከተማ ኣዘርባጃን ኣብ ዝጋባእ ዘሎ መበል 29 ዋዕላ ክሊማዊ ለውጢ ሕቡራት ሃገራት መደረ ኣሰሚዑ።

ኣብቲ ትማሊ 19 ሕዳር ዝቐረበ ንጉጅለ ዕዙዝ መርጋጺን ኤርትራ ዝጸር መደረ፡ ሚኒስተር ተስፋይ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ፡ ኑቶም ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ሰለስተ ጉዳያት - ማለት ክሊማዊ ለውጢ፡ ምንቕልቓል ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነትን ብከላን ኣብ ቀንዲ ኣጀንዳታቱ ገይሩ ካብ ዝሰርዕ ዓሰርተታት ዓመታት ከምዝሓለፈ፣ ዛጊት ቅልውላዋት ወጽኢታዊ ፍታሕ ንምርካብ ብደረጃ መራሕትን ካልኦት ኣካላትን ኣብ ዝተኻየደ ብርክት ዝበለ ርክባት ድማ፡ ኑቲ ሽቶታት ንምዕማር ዝሕግዘ እማመታትን ውሳኔታትን'ኳ እንተቐረቡ፡ ትኹእ በቲ ዝነበረ ጋዝ ካብቲ ቀንዲ ምንጪ ንምንካይ ዛጊት ዝተወሰደ ስጉምቲ ትሕቲ ትጽቢትን ኣገዳሲ ስግኣትን ከምዘኸትል ኣረጋጊጹ።

ሚኒስተር ተስፋይ ኣስዒቡ፡ ክሊማዊ ለውጢ ንምምካት ዘድሊ ምወላ ንምንቅስቓስ ዝተኻየደ ጻዕሪውን ዘይተ ከምዝይኮነ ብምጥቃስ፡ እዚ ምስቲ መመሊሱ እናኸበደ ዝመጽእ ህይወት ዓሰርተታት ኣሸሓት ሰባት ዝቕዝፍን ዘሎ ሳዕቤናት ተደሚሩ፡ ንክብደት ኣህጉራዊ ክሊማዊ ቅልውላው መሊሱ ዘኽብድ ስለዝኾነ፡ ዝተኣትወ መብጽዓታትን ዝሓለፈ ውሳኔታትን ንኽትግበር፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣካል ሓላፍነቱ ክሰከም ከምዘለዎ ኣገንዚቡ።

"ተወሳኺ ምድንጓይ፡ ተወሳኺ ዘየድሊ ክሳራታት'ዩ ክስዕብ" ዝበለ ሚኒስተር ተስፋይ፡ ኤርትራ ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ንምምካት፡ ንእተውጋኦ ምቕላል ዓቕምን ጸጋታትን ብምንቅስቓስ፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምግራብን ዳግመ-ምግራብን፡ ምምስራት መሬታውን ባሕራውን ሕዝእትታት፣ ምትእትታው ንደርቂ ሕሙማትን ባልዓትን ዝጻወር ዓሌታት ኣእካልን ጥሪትን፡ ምትብባዕ ተጠቀምቲ ባህርያዊ ድኻዒ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምምሕያሽ ብቕዓት ምሕደራ ጉሓፍን ምትእትታው ጹሩያዊ ጸዓትን ዝተኮረ መደባት ተሰላሲል ከምዘላ ገሊጹ።

ብዘይካዚ፡ ኤርትራ ንክብረታዊ ትምህርትን ንቕሓትን ዘርኽ ንሕዝብን ዓቢ ግምት ሂባ ትሰርሓሉ ከምዘላ ብምጥቃስ፡ እዚ ዜጋታት ምስ ኣከባቢ ተሳንዮም ንኽነብሩ መሰረታዊ ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።

# ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ምፍታሕ ማሕበራዊ ሕቶታት ብኮም ክሰራሓሉ ኣገንዚባ





ሚኒስተር ፍትሒ ፈውዝያ ሃሽም፡ ብ13ን 16ን ሕዳር ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ካብ 101 ምምሕዳራት ከባቢ ምስ ዝተወከሉ ሽማግለታት ርክብ ኣካዪዳ።

ኣብቲ ኣብ ፎሮን ኣፍዓቤትን ዝተኻየደ ርክብ፡ ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ኣብ ምኽላስ ክብርታትናን ምዕቃብ ኮም ዝሰረቱ ኣገባብት ምፍታሕ ማሕበራዊ ሕቶታትን ናይ ኮም ተራ ንምድንፋዕ ከምኡ'ውን ህዝቢ ብቐረባኡ ብዘይ ናይ ግዜን ንዋትን ሃልኪ ኣገልግሎት ክረኽበሉ ዝኽእል ኣገባብ ንምዕዛዝ ዝካየድ ዕማም ክሰራሓሉ መምርሒ ሂባ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ መደብ ኣካል ናይ'ቲ መንግስቲ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስን ዋንነት ሕብረተሰብ ዘረጋግጽ መደባት ንምሕያልን ዝገብሮ ዘሎ ንጥፈታት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ ንዝወሰዶ ተበግሶ ሞጒሶም።

# ዓለማዊ መዓልቲ ሽኮርያ፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ

ዓለማዊ መዓልቲ ሽኮርያ፡ "ኣገልግሎት ሕሙማት ሽኮርያ ኣብ ኩሉ ንምህላው ንጸዓር" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ብ16 ሕዳር ኣብ ከተማ ከረን ተዘኪራ።

ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ሽኮርያ ኤርትራ ዶ/ር ጎይትኦም መብራህቱ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዝኽሪ ኣፍልጦ ህዝብን ሕሙማት ሽኮርያን ብዛዕባ'ቲ ሕማምን ሓልኽታቱን ክብ ንምባል፣ ከምኡ'ውን ካብዚ ሕማም ናጻን ውሑስን ብምዃን ጥዑይ ህይወት እናስተማቐርካ ንምንባር ዝሕግዝ ኣስተምህሮታት ንምውሃብ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ሽኮርያ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኪሮስ ሰረቐ ብወገኑ፡ ኣብቲ ሕማም ዘጸንሐ ኣፍልጦ እናዓበየ ይመጽእ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ሕሙማት ሽኮርያ ኣብ ማሕበር ክጥርነፉ ኣዘኻኺሩ።

ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን ድማ፡ ኣብ ሃገርና ሕማም ሽኮርያ ንምክልኻል ይኹን ንምቍጽጻር ዕቱብ ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ ብምምልካት፡ ሕክምናዊ ምክትታል ብምግባር፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምዝውታርን ኣመጋግባ ብምቍጽጻርን ሳዕቤናት'ቲ ሕማም ንምክልኻል ስለዝከኣል፡ ብሕብረተሰብ ዓቢ ቆላሕታ ክወሃቦ ኣዘኻኺሩ።

ብደረጃ ዞባ ማእከል'ውን ብ17 ሕዳር ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ መደብ፡ መግለጺ ንሕሙማት ሽኮርያ ናጻ መድሃኒት፡ መርመራን ክሽነንን ኣብ ቀረባኦም ከምዝረኽቡ ምግባሩ፡ ኣብ ምንካይ ሓልኽታት'ቲ ሕማም ልዑል ተራ ከምዘለዎ ተገሊጹ።

ብደረጃ ዓለም 537 ሚልዮን፡ ኣብ ሃገርና ድማ ኣስታት 100 ሽሕ ምዝጉባት ሕሙማት ሽኮርያ ከምዘለዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

# ሻምብቆ - ዕዉት ሕርሻዊ ምርምር ይሰላሰል

ኣብ ንቑጣ ሕርሻዊ ምርምር ንኡስ ዞባ ሻምብቆ፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት እወታዊ ጽልዋ ክፈጥር ዝኽእል ዕዉት ምርምርን ፈተነን ይካየድ ከምዘሎ፡ ሞያውያን ሓቢሮም።

ሓላፊ ናይ'ታ ንቑጣ ኣቶ መለስ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ኣእካል፡ ጥረታት፡ ኣግራብን ምድቓል ምሩጻት ናይ ጾብ ኩቦትን ዘተኮረ ምርምርን ፈተነን ከምዝካየድ ብምጥቃስ፡ ምስ ክሊማን ዓይነት ሓመድን ናይ'ቲ ከባቢ ዝሰማማዑን ደርቂ ዝጻወሩን ኣእካል ክፈርዩ ከምዝኸኣሉ ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ታ ትካል ዝካየድ ዘሎ ሕርሻዊ ምርምርን ፈተነን ረብሓኡ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ሓረስቶት ድማ ብፍላይ ንውጽኢት ናይ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ምርምራዊ ስራሕ ኣብ ምኽዕባት እቶትን እቶታውነትን ከውዕልዎ ኣተሓሳሰበ።

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣጆና ዓዓለምና ንህነጽ'ሞ...

*13 ሕዳር 2012*

4፡30 ድ.ቐ.

ክምረቕ ሓግየ... ክምረቕ ከሪመ ሓንቲ ክትሰምረለይ ዝምነያ ነገር እንተ ደኣ ኣላ፡ ምስቲ ዝፈትዎ ብፍቕሪ ክሳብ መወዳእታ ምንባር እያ። ካብ ፍቕሪ ዝዓቢ ነገር መቸም የለን። ፍቕሪ መጥመሪት ኵሉ ነገር ምዃና እናፈለጥኩ ዘድሓርሓርኩሉ ግዜ ውሑድ ኣይኮነን። ዕድመይን ተመኵሮይን ገና ልግዐ ኣይጸገቡን ዘለዉ። ንዕድመይ፡ ኣተሓሳስባይ፡ ሓይለይ፡ ጽንዓተይ፡... እተኣማመነሎም ድየ ኣይኮንኩን ኣይፈለጥኩን። ካብቲ ሃረር ዘብለኒ ናይ ሰምሃር ሓፍተይ ዛንታ ፍቕሪ ተፈልየ ኣይፈልጥን እየ። ካብቲ ልክዕ ዕድመይ ዝነኣስኩ እየ። ክብለኪሲ.... ሕሳስ ልደት ስለዝኾንኩ'ዮም መስለኒ ከም ቈልዓ ዝከናኸኑኒ። ብዓይኒ ገዛና ካብቲ ልክዕ ዕድመይ ኣዝየ እንእስ። እምበር ብባህሪ ካብ ሰምሃር ሓፍተይ ዝተርፈኒ ነገር የብለይን።

ሕጂ ጥር ኢለ ብዛዕባ ናይ ህይወተይ ወዲ ኣፈይ መሊኣ ክዛረብ ዝሰምዓኒ ሰብሲ እንታይ ይብለኒ ይኸውን? ከምዚ ከይብል ንነብሰይ እናሻዕ እናዘከርኩዋስ ተመሊሰ ኸኣ...። ናይ ሰብ ነገር ምርስዑ ዝበዝሐ ግዜ ጽቡቕ እዩ። ፍቕሪ ከምኡ ኢሉ'ዩ ዘዕውረካ መስለኒ። ፍቕሪ ጥራይ ኣይኮነን ጕብዝና'ውን ብዙሕ ነገር የጥፍኣልካ እዩ።

"ሬድ" ዝፈትዎ መማህርተይን ማሓዛይን እዩ። ካብ ሻምናይ ክፍሊ ኣትሒዝና ኢና ንፋለጥ። ሬዱ ካብ ኵሎም ኣወዳት ዝተፈልየ እዩ። ስሓቕ ይፈቱ ክነሱ፡ ምስ ሰብ ብዙሕ ኣይሕወስን እዩ። ስሓቕ ክሳብ ዝሕሞ ኣይፈቱን'ዩ ማለት'ዩ። ዘየሕምመካ ፍትወት ፍትወት ኰይኑ ኣይስማዓንን እዩ። መጽሓፍ ብፍላይ ፍቕራዊ ዛንታ ዘለዎ እንተኾኑ፡ ከሕመኒ'ዩ ዝደሊ። ገለ መጽሓፍቲ ኣብ ቤት ንባብ ከይደ ከንብቦም እግደድ እየ። ኣብታ ዝወጽኣላ ሰዓት ብገዛ እንተ ተኸልኪለ ክሳብ ዘጕርዕ'የ ዝበኪ ነይረ። ምእንታን ኣብታ ልምድቲ ሰዓተይ ናብ ቤት ንባብ ክኸይድ፡ ናይ ገዛን ናይ ትምህርትን ዕዮታተይ ኣቐዲመ ወዲአዮ'የ ዝጸንሕ። ብዓል ማማ ኸኣ ከም ጥዑያት ብመደብ ኣጽንዓ ይብላኻ፡ ብመደብ መዓልትኻ ምስ ከፈልካዮ ኸኣ... ዘይነበረ እናኣምጽኣ የፍርሳልካ። ሰምሃር እንተ ደኣ ኣላ ግን ትርድኣለይ እያ። ኣንቢበ ዘዝበጻሕኩዎ ምሸት ምሸት ኣዕልላ እየ። ዋላ ኣምሲያ ትምጻእ ክጽበያ ኣለኒ። ከምዚ ክገብር እንከለኹ፡ ክልተ ጥቕሚ ኣለኒ። ሓደ ማማ ኣብ ምውጽኣይ ስራሕ ከተምጽኣለይ እንከላ ምእንታን ክትሕለቐለይ፣ ከማይ በቲ ዛንታ ጠልጠል ድማ የብላ። ካልኣይ ከኣ ምስ ዓርካ ዘለዋ ህይወት ምስቲ ዘዕልላ ኣማሳሲላ ስለ ተዕልለኒ።



ምስ ሬዱ ብዓይኒ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ጌርና ንፋለጥ ኢና። ኣብ ቤት ንባብ ብተደጋጋሚ ክንራኸብ ምስ ጀመርና ኢና ኣፍ ከፊትና። ካብ ናይ ትምህርቲ ወጻኢ እነንብቦ መጽሓፍቲ ዝተፈላለየ'ዩ። ዘዘንበብናዮ ክንነጋገር ምስ ጀመርና ኣብ ትምህርቲ ናይ ዕረፍቲ ግዜና ናብ ጸብጻብ ንባብ ኢና ቀይርናዮ። ለንቅነ ግን ፌስቡክ ኣጠቓቕማ ስለ ዘይፈልጦ ከርእዮ ሓቲቱኒ። ሎሚ ንኻልኣይ መዓልትና ተራኺብና። እተን ዝፈልጠን ቀስ ገይረ ኣርእየዮ። ናብ ሬድ ክኸይድ እንከለኹ ክሓስቦ ዘቐነኹ ክነግረኪ እየ።

ሬዱ ክማሃር እንከሎ ብምሉእ ልቡ ኣብ ሰምዒት ጥሒሉ'ዩ ዝማሃር። በዚኣ ኸኣ የቕንኣኒ እዩ። ልበይን ቀልበይን ሰሊቡ ነዛ ሓንሳእ ናይ ዓይነይ ቋሕ-ሰም ከብል ዘየኽእለኒ ምቁር ዛንታ ፍቕሪ እዩ። ናብ ሬዱ ክኸይድ እንከለኹ፡ ቅድሚ ሰዓት'የ ምድላዋት ጀሚረ። ከምዚ ዝበለ ፎኹስኩስ የለን። ጸራርየ ጽብቕቲ ጓል ኰይነ'የ ክልተኣን መዓልታት ከይደየ። ክልተኣን መዓልታት ብድሙቕ ፍሽኽታ'ዩ ተቐቢሉኒ። ርዱእ እዩ። ካብ ሬዱ ዝወጽኣ ፍሽኽታ ናይ ምንታይ ምዃነን ክፈልጠን ኣይሸገርን እየ። ምሒር ኣድናቖት፡ ኣግርሞት፡ ናታ ፍሽኽታ ኣለዋ። ብሓደ ኮፍ ኢልና ናይ ፌስቡክ ምስጢራት እናኣርኣኹዎ ከለኹ ብዙሕ እሓስብ ነይረ። ብፍላይ ክለማመድ እንከሎ ቀው ኢለ እርእዮ። ምስ ሬዱ ዕርክነት እንተ ዝጅምርሲ መዋጽኣኒዶ ኢለ እሓስብ ነይረ። ፍቕሪ የዋጽኣኒዶ እናበልካ ትኣትዎ ብርግጽ ኣይኮነን። ሬዱ'ኳ'ሞ እፈትዎ እየ። ከምተን ዘጸልላኒ መጽሓፍቲ'የ ዝናፍቖ። ሓቂ ይሓይሽ ምስቲ በይነይ ዝሓልሞ ወዲ ይትሓነፈጸኒ እዩ። ቊልቊል ዝኣፋ "ኣፍቅረካ'የ!" በልዮ መጺኡኒ ነይሩ። ንዒ ነብሲ ተዓገሲ ደኣ ኢለያ።

መቸም ሰምሃር ሓፍተይ ነዚ ኣፍቃሪኣ ሓንሳእ ከም ፍላስፋ፡ እንሓንሳእ ከም ዓቢ ሰብ፡ እንሓንሳእ ከም ተላጋጻይ፡ እናሓንሳእ ከም ... ከም ምንታይ'ሞ ዘይትገልጾ። ካብ ናቱ እንታይ ከም ትሕዝ ፍጹም ኣይትፈልጥን እያ። ኵሉ እናኾነ ኣዋሪዱዋ እዩ። ሓደ መዓልቲ፡ "እሞ ፍልጠቱ፡ ስነ-ስርዓቱ፡ ዓቕሉ፡ ፍቕሩ፡ ሓልዮቱ፡ ሕልሙን ባህጉን ይቀያየሩኺ ድዮም?" ኢለያ ነይረ።

"እንድዕሉ በጃኺ፡" ኢላትኒ።

"እቲ ንጥዑይ ሰብ ክህልዎ ዘለዎ ኣዕኑድ ጽኑዕን ቀዋምን እንተ ኾይኑ'የ ዝያዳ ተኣማናይ ዝወስዶ ኣነ፡" ኢለያ ከይተገደስኩ። ሰምሃር ሓፍተይ ከኣ ጠሚታትኒ ስቕ ኢላ።

ንጽባሓይቱ ንግሆ ባዕላ ኣተንሲኣ ንዒ ቊረሲ ኢላትኒ። እንተ ረኣኹ ቈሪሰዮ ዘይፈልጥ ዓይነት ቊርጺ ተቐሪቡ ጸኒሑኒ። ናይ ምንታይ ምዃኑ ምስ ሓተትኩዋ፡ "ናይታ ትማሊ ዝተዛረብክያ ዘረባ፡" ኢላትኒ። ከተስተማቕሮ'ያ ሓዲራ። ወዮ ዓርካ ሓደ መዓልቲ "ክልተና በብዝጥዕመና መገዲ ህይወት፡ ዓዓለምና ንህነጽ። ሓደ ኣብ ናይቲ ሓደ ዓለም ጠልጠል ዝብል እንተ ኾይኑ ግን ጽቡቕ ኣይኮነን፡" ዝበላ ግዳ ዘኪረዮ።

ሬዱ ዓይነይ ከኣ ኣጆኻ ዓለምካ ህነጽ። እምበር'ኳ ናቱ ዓለም ኣላቶ። ከም ባህጉ ይህነጻ፣ ኣነ ኸኣ ነታ ናተይ ከምታ ዝበህጋ ገይረ ክሃንጻ እየ።

መርከብ ኖህ - ኣስመራ

## ሓድሽ ጕዕዞ!

*12 ጥሪ 2013*

ቀዳም 1፡00 ድ.ቐ.



ዓሚ ከምዚ እዋን ምስ ዳኒ ሓወይ ኣብ 2012 ዝገብርኩዎም ነገራት - ዝያዳ ኣብ ዝነበሩኒ ጕድለታት ኣቶኲርና - ገምጋም ጌርና ኔርና። ሕጂ ግን ኣሸንኳይዶ ከምዚ ዝበለ ኣርእስቲ ኣልዒልና ስፍሕ ዝበለ ግዜ ከነዕልል፡ ነዛ ተራ ሓጺር ግዜ ዝወስድ ዕላል'ኳ ምርካብ ስኢኑለይ።

ንውሽጥኻ ከምቲ ንኣእዳውካ ትእዛዞ እንተ ዝኸውን ሕጂ-ሕጂ ንናፍቖትን ክቱር ፍትወትን ምቐነስኩዎም ነይረ። ግን...። እዚ ዅሉ ግን ካብ ስራሕ ኣልቦ ምዃን ዝተላዕለ ክኸውን ይኽእል። "ቅድሚ ገለ ነገር ምግባርካ ገለ ነገር ክትከውን ኣለካ፡" ትብል ሓሳብ ኣብ መጽሓፍ ጽባሕ ኣንቢበ ነይረ። "ገዛ ምስ ሃነጽካ ኣይኮንካን መሃንድስ እትኸውን። እንታይ ደኣ መሃንድስ ምስ ኰንካ ኢኻ ገዛ ትሃንጽ፡" ዝበሎ፡ ውሽጠይ ተዘዘ እናኣበለ ኣትዩኒ። ስለዚ ኣነ ነቲ ክውንኖ ወይ'ውን ክሰርሓሉ ዝሓሰብ ዘለኹ ዓይነት ስራሕ ክመሃሮን ክለምዶን ኣለኒ። ነቲ ከባቢ ሰለስተ ዓመት ዝሰራሕኩሉ ዓይነት ስራሕ ብቐጽበት ደው ኣቢለ ነቲ ንመጻኢ ክኾነኒ ዝሓንጸጽኩዎ መደብ ምህሮይ ዛዚመ ስራሕ ንምጅማር ኣብ ጕዕዞ እርከብ።

እዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዳርጋ ናብ ተስፋ ምቝራጽ ገጸይ ኣቢለ ነይረ። "ክትዕወት ምስ ቀረብካ ኢኻ ተስፋ ትቘርጽ!" ድዩ ዝበለኒ ዳኒ ሓወይ። ናይ ብሓቂ ድማ ብግብሪ ኣጋጢሙኒ። ኡ...ፍ ተመስገን! እንቋዕ'ኳ ሕጂ ጨራታት ተስፋ ረኣኹ። ድሮ ክልተ ናይ ስራሕ ጻውዒት ረኺበ ኣለኹ። ከም ፍቓድ ፈጣሪ ኣብ ሓንቲኣን ክጅምር'የ። "ሰብ ብዘይ ስራሕ ሱቕ እንተ ኢሉ እዩ ዝደክም፡" ትብል ምስላ ቻይና ኣብዛ ኣብ ኣእምሮይ ዘላ መጽሓፍ ኣንቢበ። ኣማን ብኣማን ሕልናይ ኣዝዩ ደኺሙ ነይሩ'ዩ።

ሕጂ ግን ይኣክል ኢለዮ። "ፍዮሪ! በይንኺ ካብቲ ተወሊድኪ ዝዓበኽሉ ቦታ ተፈሊኺ ብምምጻእኪ፡ እቲ ትፈልጥዮ ሰብ ኣዝዩ ይውሕደኪ'ሞ ዝሕግዘኪ ኸኣ ብእኡ መጠን ይውሕደኪ። ሕጂ ግን ኣጆኺ ድሮ'ኳ ክትልወጢ ጀሚርኪ!? ጓሳኺ ካብ ምዃን ኣይህከን'የ፡" ኢለ ንነብሰይ ኣዕልላ። ልምዲ ስራሕ ካብ ሕማቕ ሓሳባት ኣርሒቑ ዘጋልብ ፈረስ እዩ። ናብቲ ብህገይ ዝመርሓኒ ዓቕምን ተመኵሮን ኣብዛ ዝኸዳ ዘለኹ ናይ ስራሕ ዕድል ክረኽቦ እምነ። "ይሓግዝኪ!" በልኒ ዳየረይ!!

ሓፍቲ Dani

## መጽሓፍ.... ...ምስ ኣንቡብኩ

*08 ሕዳር 2024*

ክልተ-ሰለስተ ሰዓት ዝኣክል ግዜ እንተ'ለካ፡ ጀሚርካ እትውድኣ ንእስ ዝበለት ናይ 134 ገጽ መጽሓፍ እያ። ብስንቂ ልቦናን ንቕሓት ሓይሊ ሓሳባትን ዝተኽተኸት እያ። 26 ምዕራፋት ሒዛ ኣላ፣ ሓንቲ ምዕራፍ ካብ ክልተ-ሰለስተ ገጽ ኣይትሓልፍን። ግን ካብ መዓልቲ ክሳዕ ቅነ ዝወስድ ኣስተንትኖን እናሻዕ ምንባብን የድልያ። ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ከኣ ንዝምድና ሓሳባትን ክውንነትን ብዝተፈልየ ኣመለኻኽታ ይድህስስ። መጽሓፍ "As A Man Thinketh" ብጄምስ ኣለን፣ ብ1903 እተሓትመት። እንተኾነ፡ ንልዕሊ ሓደ ዘመን ብሉጽነታ ዘይተሳዕረት መጽሓፍ ክብላ እደፍር።

እናሻዕ እናኸንብባ፡ ብዛዕባ ነብሰይ ዝጸንሓኒ ኣመለኻኽታ ዝቐይር፣ ብዛዕባ ነብሰይ ዘይፈልጦ ገለ ነገር እረክብ፣ ሓሳባተይን ባህረይን እግንዘቦ። ጄምስ ኣለን፡ "ንዘለናዮ ክውንነት ሓሳባትና'ዩ ፈጢሩዎ፡" ይብል። 'ሰብ ንኸባቢኡ ይመስል፡' 'ሰብ ንመዕበያኡ ይመስል፡' 'ሰብ ንዘበልዮ ይመስል፡' ወዘተ ክብሃል እሰምዕ'የ። እዛ መጽሓፍ ምስ ኣንበብኩ ግን ሕልፈ ኹሉ መግለጺታት ነቲ 'ሰብ ንሓሳባቱ እዩ ዝመስል፡' ዝብል ዘረባ ኣስሚረሉ ኣለኹ።

*እዛ ውጽኢት ኣስተንትኖን ተመኩሮን ዝኾነት ንእሽቶይ መጽሓፍ፡ ኣብዚ ብዙሕ ዝተጻሕፈሉ ኣርእስቲ 'ሓይሊ ሓሳባት'፡ ናይ ኵሉ ዝቐደመ መጽሓፍቲ መፈጸምታ ንምዃን ዝዓለመት ኣይኮነትን። ኣውካኢት እምበር ገላጺት ክትብሃል ኣይከኣልን። እቲ ቀንዲ ኣተናኣ ኸኣ ሰባት ሓቂ ንኽእልሹን ክግንዘቡን ንምንቕቓሕን ምድራኽን እዩ። ከመይሲ፡ ሰባት ሰራሕቲ ገዛእ ርእሶም እዮም። ብሓሳቦም መሰረት ይመርጹን ይተባብዑን። ንውሽጣዊ ልብሲ ናይ ጠባይን ንደጋዊ ልብሲ ናይ ኣከባቢን ዋና ኣላሚ ኣእምሮ እዩ። ክሳዕ'ዚ እዋን ብድንቁርናን ቃንዛን ተኣሊምም ነቢሮም ይኾኑ፣ ሕጂ ግን ብንሓቕትን ሓጐስን ይእለሙ ይኾኑ።*

መእተዊ እታ መጽሓፍ፡ ጽቡቕ ገይሩ ብዛዕባኣ ኣውኪኡ ኣሎ። መጽሓፍ መእተዊኡ'ዩ ፊቱ። መቸም፡ ሰብ ቃል ብቓሉ ሓሳቡ እዩ። ኵሉ ጠባዩ ኸኣ ውጽኢት ሓሳቡ እዩ። ጥዑይ ሓሳብ ጥዕና፣ ሕማቕ ሓሳብ ከኣ ቃንዛ ይህቦ።

ጅሃራ ሰዒድ

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ፍታሕ ዘይተረኽቦ ዓለም-ለኻዊ ሓደጋ

ኣብዚ ንህይወት ዘየገሹ ተላባዕቲ ሕማማት፡ ከም ውግእ ዝኣመሰሉ ሰብ ሰርሖ ሓደጋታት፡ ከም ህቦብላን ውሕጅን ዝኣመሰሉ ባህርያዊ ሓደጋታት ልሙድ ተርእዮ ዝኾኑሉ ዓለምና፡ ብዙሓት ክሳራታት ክስዕር ማሕበረሰባት ዝከኣሎም ጸዕርታት ይገብሩ። እዞም ዝተጠቕሱ ዓይነታት ሓደጋ ብሓንሳእ ብዙሕ ናይ ህይወት ክሳራ ናይ ምውራድ ተኽእሎ ስለ ዘለዎም፡ እቲ ሃንደበታዊ ኣመጻጽኣኦም ንኣቓልቦ ህዝቢን ግብረ-መልሰን ክስሕብ ግድን እዩ። መዓልታዊ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሰዓት፡ ሳሕቲ ብዘመስል ኣገባብ ዝኸሰት ብደረጃ ዓለም ግና እናተዋህለለ ዝኸይድ፡ ኣብዚ እዋንዚ ኣቓልቦ ዝስሕብ ዘሎ ሓደጋ ጽርግያ ወይ ተሽከርከርቲ ድማ፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ኣብ ህይወትን ንብረትን ግዙፍ ክሳራታት ዘውርዱ ዘለዉ ሓደጋታት ኩይኑ ኣሎ። ብመሰረት ዓለም-ለኻዊ ጸብጻባት፡ ብጅካ እቲ ንዋታውን ናይ ስንክልናን ክሳራታት፡ ዓመታዊ 1.3 ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ ሓደጋታት ጽርግያ ከም ዝሞቱ ይግለጽ። ኣብ ዓለም ካብ ዝኸሰቱ ሓደጋታት ተሽከርከርቲ እቲ 90 ሚእታዊት ድማ ኣብ ዘይማዕበላን ማእከላይ ዕቤት ኣብ



ዘለዋን ሃገራት ከም ዝኸደ ይፍለጥ። ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ መንጎ መካይን ዝፍጸም ግጭት፡ ናብ ኣጻድፍ ዘወድቃ ተሽከርከርቲን ብገሻ-ውሕጅ ዝወሰዳ መካይንን ካብቲ ብዙሕ ሰባዊ ክሳራታት ዘውርድ ሓደጋታት እዩ። ልዕሊ ፍርቂ ካብቲ ብዘተሽከርከርቲ ዝፍጸም ናይ ሞት ሓደጋ ግና፡ ኣብ ልዕሊ ኢጋርን ብሽክሊታ ዝዘወትሑን ብዘኸሰት ሓደጋ ከም ዝኾነ ጸብጻባት የረድኡ። ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ እዚ መጠን ሞት እዚ ክሳዕ 2030 ብፍርቂ ንምንካይ ንድፊ ኣውጺኡ ምህላዉ ጸብጻባት ይሕብሩ። ካብ ዕድመ 5 ክሳብ 29 ንዘኾኑ ቁልዑን መንእሰያትን ካብ ቀንዲ ቀተልቲ ተርእዮታት ሓደ ምዃኑ ዝተገልጸ ሓደጋ ጽርግያ ንምንካይ፡ ሃገራት ዓለም ጻዕርታት የካይዳ ኣለዋ። ኩለን ሃገራት ግና ተመሳሳሊ ጸገማት የብለንን። ዝማዕበላ ሃገራት ምስቲ ምህዞ ፈጣናት መካይን ዝሰሓ ጎደናታትን ሕጊ ምንቅስቓስ ተሽከርከርትን ኣለወን። እቲ ኣብ ኤውሮጳ ካብ ዝኸሰት ዓይነት ሓደጋ ዝተፈልየ ኣብ ኣፍሪቃ ዝረኣ ጸገም ድማ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ እየን ክፈትሐኦ ዘለወን። ኣብ ኣፍሪቃን ኣብ ኤውሮጳን ዝኸሰት ዓይነት ሓደጋታት ብቐንዱ በበይኑ ጠንቅታትን መንቀልን ስለ ዘለዎ ሓደ ዓይነት ፍታሕ የብሉን። ኣፍሪቃ፡ ምዕባላትን ዘመናውያንን መካይን ካብ ግዳም ዓዲ ጋ ተእቱ እኳ እንተኾነት፡ ምስተን መካይን ዝሰሓ ጽርግያታት ምሉእ ብምሉእ ከተማልእ ግን ኣይከኣለትን። ኣብ ገለ ሃገራት ዘሎ ጸቢብቲ ቀደም ዝተሃንጸ ጎደናታት፡ ኣብዚ እዋንዚ እውን ንፈጣናት መካይን ጥራይ ዘይኮነስ ንጋሪብያታት ኣፍራሱ፡ ንብሽክሊታታትን ንኢጋርን ዘገልግል መንገዲ እዩ። ስለዚ እዚ ጽርግያታት ብዘመናዊን ዓለም ለኻውን ናይ ትራፊክ ሕግታት ክመሓደር ዶ ይኽእል እዩ ኢልና ክንሓትት ንኽእል ኢና? ኣብ ዓይነታት ሓደጋታት ብቑዕ መጽናዕቲ ተገይሩ፡ ጠንቂ ሞት ሓደጋታት ጽርግያ ክጉድል እንተተኻእለ እውን ጠረሹ ክተርፍ ዝኽእል ንነፍሲ-ወከፍ ሃገር ዝሰማማዕ ሕግታት ጽርግያ እንተዝህሉ ዶ ኣይመሓሸን? ብቐንዱ ግን ሕግታት ትራፊክ ዝሕንጸጹ ቀንዲ ዕላማ ኣብ ጽርግያ ሓደጋ ሞት ከይፍጠር ንምክልኻል ተባሂሉ ስለ ዝኾኑ፡ ኣሽከርካሪ ናይ ምዝዋር ብቕዓት ፍቓድ ቅድሚ ምርካቡ ነቲ ሕግታት ብምሉእ ክፈልጦ ይግደድ።

## ሓደጋ ከይተፈጥረ ጠንቂ ሓደጋ ምእላይ

ሓደ ተለማማዲ ምዝዋር መኪና፡ መጀመርታ ኣብ ኣእምሮኡ ክሰቕሮ ዘለዎ ነገር ብቐንዱ - ዕላማ ናይቲ ዝወሰዶ ትምህርቲ ህይወቱን ህይወት ተጠቃሚ ጽርግያን ንምሕላው ከም ዝኾነ ክፈልጥ ኣለዎ። መምህሩ ኩሉ ቴክኒካዊ ሜላ ኣዘዋውራ ምልምማድ ጥራይ ከምዘይኮነ ክዝክሮ ይግባእ። ጎደኒ-ጎደኒ ኣዘዋውራ መኪና ህይወት ሰብ ከመይ ከም ዘድሕን እውን ብናይ ቃል ትምህርቲ ክጽንዕ ኣለዎ።

ትምህርቲ ምዝዋር መኪና ካብ መቐጻዕቲ ፖሊስ ትራፊክ ናይ ምድሓን ሜላ ታዕሊም ገይሩ ክወስዶ የብሉን።

ተጋዋዩ ናብ ሓደገኛ ኩነታት ንዘእተወ ኢጋር ወይ ብዓል ብሽክሊታ፡ መራሒ መኪና ብትዕግስቲ ክድሕኖ ይኽእል እዩ። ኢጋር፡ ኣብ መኪና ዘብጽሖ ሓደጋ ስለ ዘየሉ፡ ኣብ ጽርግያ ኪጋገ እንክሎ ዘዋሪ መኪና ሕድገት ክገብረሉ ይኽእል እዩ። ኢጋር፡ ሕጊ ትራፊክ ስለ ዝጥሓሰን ተሓታቲ ከም ዝኾነን ብሕልና ኣብ ክንዲ ዝኸስሶ፡ መራሒ መኪና ከድሕኖ ጥራይ ክፍትን ኣለዎ።

ኢጋር ወይ ዘወርቲ ብሽክሊታ ኣብ ልዕሊ መራሒ መኪና ዓቢ እምነት ከምዝለዎም ኩሉ ሰብ ዕሉታዊ ክዕዘቦ ዝኽእል እዩ። ብጉጅለ እናዕለሉ ዝኸዱ ሰብ ብሽክሊታ፡ ብዓል መኪና ሓደት ደቓይቕ ተዓጊሱ ብሰላም ከም ዝመሓላለፉ ይኣምኑ። እታ እምነት ደማ ክትጥለም የብላን።

ብፍላይ ንዘመናዊ መካይን ተባሂሉ ዝተሃንጸ ጽርግያ ኣብ ዘይብለን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኢጋር ወይ ብዓል ብሽክሊታ ክቕትል ዘይክእል ፍጥነት መካይን ብሕጊ ክእወጅ ዝጽውዑ ወገናት ኣለዉ። ኣብ ከተማታት ዝዘውሰ ፍጥነት መካይን ጥራይ ምስ ዝፍቀድ፡ ኣብ ጽርግያ ዝዋወሩ ቈልዑ ካብ ሓደጋ ናይ ምምላጥ ዕድል ክረኽቡ ይኽእሉ። ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ብርብዒ ሰዓት ጥራይ ክትብጻሕ ኣብ ትኽእለላ ከተማ፡ ኢጋር ንኽሃድም ዕድል ብዘኸልእ ልዑል ፍጥነት ምብራር ብጣዕሳ ዘይምለስ ጌጋ ክስዕብ ይኽእል።

መንገዲ ዘቋርጽ ኢጋር ክህረም ዘለዎ ዕድል ፍጥነት እታ መኪና ብዘጕደለሉ መጠን ይውሕድ። ስለዚ መካይን ካብ ዝተወሰነ ፍጥነት ንላዕሊ ከይውንጨፋ ዝቕይድ ሕጊ ምውጻእ ሓደ ኣማራጺ ክኸውን ይኽእል።

ሓደጋ ምስ ተፈጥረ ድሕሪ እቲ ፍጻመ ብሰባት ዝዝረብ "ፈጻሚ ሓደጋ ሰብ ክዝርም ሓሲቡ ካብ ገዛ ኣይወጸን" ዝብሉ ኣበሃህላታት ይስምዑ። እዚ ኣብ ግዜ ዕርቂ ዝዝረብ ስለ ዝኾነ ነድርን ጣዕሳን ንምህዳእ ዝሕግዝ ጽቡቕ ዘረባ እዩ። ድሕሪ ሕጂ ሓደጋ ክፍጽሙ ንዘኽእሉ ዘወርቲ መካይን ግና ከም ቀኖና ክጽንዕዎ የብሎምን።

ብኣንጻሩ፡ መራሒ መኪና ክንቀሳቐስ እንክሎ "ለሚ ሓደጋ ክህሉ ይኽእል" ኢሉ ክሓስብ ከም ዘለዎ መጽናዕቲ ሓደጋ ትራፊክ የረድኡ። ብዙሓ ተኽእሎታት ሓደጋ ምሕሳቡ፡ ካብ ሓደጋ ክጥንቀቕ የኽእሎ። ኣብ ጽርግያታት ሓደጋ ክፈጥር ዝኽእል ስጉምቲ ከይወሰደ ክጥንቀቕ ይግበር። ከየስተየ፡ ሞባይል ከይጥቀመ፡ ብሰኽራን ከይዘወረ፡ ዘዕገርግሩ ህጻናት ከይሀልዉ ከተከናገ ብህድኣት ክዘውር፡ ኢጋር ምስ ዝጋገ ብዓል መኪና ክየንጸርጽር የኽእሎ። ሓደጋ ናይ ምፍጣር ልዑል ተኽእሎ ኣብ ዘለዎ ቅድሚ 100




ዓመት ንዘበራ መካይን ዝተሰርሐ ብዙሕ መሳለጥያታት ኣብ ዘኾደሎ ጎደና፡ እንስሳን ሰብን ብሽክሊታን ዓረብያ መጻዓዕታት ኣብ ዝጓዓዝሉ ጽርግያታት ዝንቀሳቐስ መራሒ መኪና "ሰብ ክቕትል ከም ዝኽእል" እናዘከረ ክዘውር ከምዘለዎ መጽናዕቲታት የረድኡ።

ኣብቲ ንዘመናዊ መካይን ዝተሰርሐ ዘመናዊ ጽርግያታት ዘለወን ሃገራት፡ ናይ ሓደጋ ተኽእሎ ኣብ ግምት ዘእቱ ገሰጋሳት ብዕቱብ ክሰርሓሉ ጸኒሑ እዩ። ሓደጋ ዝፈጥር ጌጋ ንምንካይ እምበኣር በበይኑ ፍጥነት ንዝጓዓዝ ብምስመር ዝተፈላለየ መንገዲ ብምሕንጻጽ፡ ናይ ኢጋርን ናይ ብሽክሊታን መስመራት ብምስኣል ተጠቀምቲ ከይጋጨዉ ጥንቃቐታት ይግበር። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ክስሕቱ ዘይክእሉ ተደጋገምቲ ናይ መጠንቀቕታን መዘኻኸርን ሓብሪ ምልክታትን ይትከሉ። ዝ ዕድላት ክትጥቀም ኣብ ዘኽእል ጸቢብቲ ጽርግያታት ግና ፍጥነት መካይን ዝሓሸ ናይ ምስራር ተኽእሎ ከም ዘለዎ ፍሉጥ እዩ። እታ ብትሑት ቅልጣፈ እትጓዓዝ መኪና ሓደጋ ናይ ምፍጣር ዘለዋ ዕድል እውን ትሑት እዩ።

ኤውሮጳውያን "ዝሮ ሞት" ኣብ ጽርግያ እናበሉ ዝንቀሳቐሱሉ ዓቕሚ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ቀልጢፈን እኳ እንተ ዘይበጽሓኦ፡ ንጸቢብቲ ጽርግያ ዝሰማማዕ ሕግታት ከውጽኣ ይኽእላ እየን።

ኣብ ኣፍሪቃ ብተደጋጋሚ ሓደጋታት ሞትን ስንክልናን ዝፍጠሩ ኣብ ጽርግያ ብዘጋጥም ናይ ሰብን መካይንን ምንቅስቓሳት እኳ እንተኾኑ፡ መኪና ምስ መኪና ዝረኣ ግጭትን፡ ኣብ ኣጻድፍ ዝረኣ ሓደጋታትን እውን ዓመታዊ ሓያሎ ግዳያት ከምዝቕጽር ይፍለጥ። ካብቶም ተደጋጋሚ ምጽዳፍ መካይን ዝረኣየሎም ጽርግያታት፡ ኣብ ቁልቁል ሃንደበታዊ ዕጻፍ ዘለዎም ጽርግያታት ይርከብዎም። ኣስጊሉ ዝጸንሐ ዘዋሪ ናይዚ ፈውሲ ቅልጣፊ ምንካይ እዩ። ብህድኣት ዝጓዓዝ መራሒ መኪና እቲ መንገዲ ብሃንደበት ከም እተዓጸፈ ክስተብህል ይኽእል።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት ዓለም ኣዝዮም ሓደገኛታት ዝተባህሉ ናይ ጎቦታት ጽርግያ ኣለዉ። ኣብ ህንድን ቻይናን እውን ተመሳሳሊ ኣብ ኣጻድፍ ሓደጋ ዝፈጥሩ ጽርግያታት ይርከቡ። "ጽርግያ ሞት" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ቦሊቭያ ዝርከብ ናይ ጎቦ ጽርግያ ክልተ ከተማታት ዘራኽብ 64 ኪሎሜተር ዘለዎ ብኣጻድፍ ጥራይ ዝሓልፍ ጥዑይ መንገዲ እዩ። ናይ ሓመድ ጽርግያ ብምዃኑ ኣብ ግዜ ክረምቲ ብዙፍጠር ጭቃ መካይን ናብቲ ዓሚቕ ጸድፊ ይድፈኣ። ቦሊቭያ፡ ኣብ መንጎ እተን ከተማታት ንዝጓዓዙ መራሕቲ መካይን ካልእ ኣማራጺ ጽርግያ እኳ እንተሰርሐት፡ ቅያ ዝፈትዉ በጻሕቲ ግና ንኽስተማቕርዎ ብእኡ ከምዝሓልፉ ጸብጻባት የረድኡ። ንቕድሚ ምምጻእ 32 ኪሎሜተር እትጓዓዝ መኪና ዝተሃርመ ሰብ ካብታ ብሰዓት 64 ኪሎሜተር እትበርር መኪና ዝተሃርመ ብዕጽፊ መኪና፡ ኣብቲ ብሃንደበት ዝዕጸፍ ጸግዒ ጎቦ ጽርግያ ቅልጡፍ ውሳነ ከይወሰደ እንክሎ ብዘመጽ ትኽ ኢሉ ናብቲ ጸድፊ ክኣቱ ይኽእል። እቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ሓደጋ እዚ፡ መራሒ መኪና እቲ ጽርግያ ብሃንደበት ከም እተዓጽፈ ከይርኣየ እቲ ጎቦ ስለ ዘኸልኦ እዩ።



# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

13 ክፋል

## ነጥበ መቐይሮ

"ንኽብርታትካ ትፈልጦም እንተ ኾንካ፡ ውሳኔ ክትወስድ ከቶ ኣይእግመካን እዩ፡፡" - ሮይ ዲዝኒ

"ልዑል ስርዓተ ክብርታት ልክዕ ከም ብሶላ እዩ፡፡ ህይወት ክትወፍበርካ እንከሎ፡ ቅኑዕ ኣንፈት የትሕዙኻ፡፡" - ኢደዊ ኮዋኒን

ውልቃውያን ክብርታት ወይ ሕመረት ክብርታት፡ ውልቃውያን ኣምራት ኩይኖም ኑቲ ኣብ መጻኢ ዘለካ ራእይ ዝሕግዙ እዮም፡፡ ንውልቃውያን ክብርታትካ ኣማእዚንካ ምፍላጥ፡ ኑቲ ክትዕወተሉ እትኽእል ህይወት ኣብ ምፍጣር እምብዛ ሓጋዚ እዩ፡፡

ከም ዝሸሰርካ ዝስመዓካ እንተ'ልዩ እሞ፡ ገለ ሓገዝ እንተ ደሊኻ፡ ውልቃውያን ክብርታትካ ኑየም ዘጋጠሙኻ ጸገማት ኣብ ምምኻት ልዑል ኣበርክቶ ክህልዎም ይኽእል እዩ፡፡ ንሸኻ ዝምድና ክትፈጥር ወሰን ወይ ኣብይ ክትኑብር ከም እትደሊ ክትወሰን ተዳሊ፡ ናብ እቶም ሕመረት ክብርታትካ ምጥማት ንባዕሉ ቅኑዕ ማእዝን እዩ ዘትሕዘካ፡፡

ንውልቃውያን ክብርታትካ ምልላይ - ምስልሳልን ርእሱምንጽብራቕን ከም ዝሓትት ክንዝንግዕ ኣይግባእን፡፡ ምእንቲ'ዚ፡ ነዚም መትከላት ብኸመይ ከለልዮም ንኽእልን ትርጉም ከም ዝህልዎም ንንብርን ምፍላጥ ከገድሰና እዩ፡፡

ውልቃውያን ክብርታትካ ኩሉ ሻብ ኣብ ቀረባ ክትሕዞምን ክትዝክሮምን ዝግባእ ረቓቕቲ ጸቡቓት ኣበታት እዮም፡፡ እዞም ክብርታት ንዝምድናታትካን ንምርጫታት ሞያኻን ብዕምቈት ዝጸልዉ እዮም፡፡

ኣብ ርእሲ እዚ፡ ገዛእ ብኸመይ ከም እትጥቀመሉ ክጸልዉ ይኽእሉ፡፡ ብዙሕ ግዜ፡ ክብርታትካ ንዓበይቲ ውሳኔታት ህይወትካ ዝመርሑ እዮም፡፡

ሕመረት ክብርታት እውን ከም ኣገደስቲ መርሓ መትከላት ንውልቃዊ ምዕባለ ኩይኖም እዮም ዘገልግሉ፡፡ ኑቲ ንሸኻ ክትኩኖ እትደሊ ሰብ ብንጹር እዮም ዝገልጹዎ፡፡ ምስ ገዛእ ርእስኻ ሓቀኛ ክትኩውን ከኣ ብዝዓበ ክሕግዙኻ እዮም፡፡ ውልቃውያን ክብርታት ዋላ ንብኸመይ ትዛረብን ትብህሎን እዮም ዝጸልው፡፡

ንሕመረት ክብርታት ክትርድኦም ክትፍትን እንከለኻ፡ ኣብ መንጎ እምንቶታትን ክብርታትን ፍልልይ ከም ዘሎ ኣይትዘንግዕ፡፡ እምንቶታት እቶም ንሸኻ ብዙዕባ እዛ ዓለም ከም ሓቂ እትኣምኖም ነገራት እዮም፡፡ ብመንጽሩ፡ ክብርታት እቶም ንሸኻ ንህይወትካ ኣገደስቲ ከም ዝኾኑ እትጥምቶም መትከላት እዮም፡፡ ንኣቶም ስለ ዘለዉኻ፡ ክትሕበሎም እውን ትኽእል ኢኻ፡፡

ሓደ እምንቶ፡ ሕመረት ክብሪ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ የግዳስ ክብርታት ግድን ኣይኮኑን ሕመረት እምንቶታት ክኾኑ፡፡ ንኣብነት፡ ሓደ ሃይማኖት እምንቶን ክብርን ክኸውን ይኽእል፡፡ የግዳስ፡ ትብዓት ክብሪ እምበር፡ እምንቶ ኣይኮነን፡፡ ትብዓት መለለዩ ጠባይ እምበር፡ ስነ ሓሳብ ኣይኮነን፡፡

ሕመረት ክብርታት ኣመና እዮም ዘገድሱኻ፡ እቲ ምንታይሲ፡ ንቅዳምነታትካ ዘንጸብርቁ ስለ ዝኾኑ፡ ሕመረት ክብርታትካ ንዝበዝሐ ግዜኻ ገንዘብካ ከምኡ እውን ጸዓትካ ኣብይ ክትጥቀመሉ ከም ዘለካ ንኽትፈልጥ ክሕግዙኻ ይኽእሉ፡፡ ኣብ ርእሲ እዚ፡

ምስ ካልኦት ሰባት ንዓኻ ኣብ ዘገድሱ ጉዳያት ብኸመይ ከም እትበሃሃል ምስ ሰባት ብኸመይ ከም እትሳሃን ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም፡፡

ውልቃውያን ክብርታት ኣብ



ሓድሕዳዊ ዝምድናታት ኣገዳሲ ዕዙዝ ኣበርክቶ ኣለዎም፡፡ ዩኒቨርሲቲ ኮሎራዶ ኣብ 2023 ኣብ ዘካየዶ ሰፊሕ ዓሚቕ መጽናዕቲ፡ ኣንጻር ባህሪ ዘለዎም ሰባት ኣብ ዝምድናዊ ህይወት ናብ ሓድሕዶም ከም ዘይስሓሓቡ እዩ ደምዲሙ፡፡ እቲ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ ንሸኻ ምስ እቲ ንዓኻ ዝያዳ ዝመስል ኢኻ እትስሓሓብ፡ ምናልባት ንሸኻ ምስ እቶም ከም ናትካ ተመሳሳሊ ክብርታት ዘለዎም ሰባት እውን ምትእስሳራት ክትሃንጽ ትኽእል ትኸውን ኢኻ፡፡

ክብርታት ኣብ ዝምድና እምብዛ ኣገደስቲ እዮም - እወ ኣብ ዓርክ ምሕዝነትን ፍቕራዊ ህይወትን፡፡ ምስ ሓደ ሰብ ዝያዳ ግዜ ብዘሕለፍካዮ መጠን ዝያዳ ተመሳሰልቲ ውልቃውያን ክብርታት ክህልወኩም ኣገዳሲ ይኸውን፡፡ ካብ ምስ ሓደ ሰብ ምሳኻ ዝኑብር ዘለካ ፍልልይ ንኣሰ፡ ምስ ሓደ ኣብ ሰሙን ሓንሳእ ጥራይ እትረኽቦ ሰብ ንዘለካ ፍልልይ ክትጻወር ዝቐለለ እዩ፡፡

ኣብ ርእሲ እቲ ኣብ ውልቃዊ ህይወትካ ዘለዎም ኣገዳስነት፡ ናይ ኩባንያ ሕመረት ክብርታት እውን ኣብ ሞያዊ ህይወትካ ኣገደስቲ እዮም፡፡ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ኣብ መንጎ መሳርሕቲ ወይ ጉጅለ ጠንቂ ግርጭት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡

ክትበሃሃል ጻዕሪ እንተ ኣካይድካ፡ ፍልልይ ውልቃውያን ክብርታት ጸቡቕ እዩ፡፡ ምስ ዓርኩ መሓዙትካ፡ መሻርኽትኻ ወይ መሳርሕትኻ ንኣፈታትሓ ግርጭት ምጥቃም፡ ናይ ሓባር ባይታ ንኽትረኽቡ ክሕግዘኩም እዩ፡፡

ስርዓተ ውልቃውያን ክብርታት ዝበዝሑኽ እንታይ እዩም? ስርዓተ ውልቃውያን ክብርታት እኩብ ናይ ኩሎም ውልቃውያን ክብርታትካ እዮም፡፡ ምስ እቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ዓለም ብኸመይ ከም እትበሃሃል ቅርጺ የትሕዙኻ፡ ኣብ ስራሕካ ኣጸጋሚ ምብህሃል ክገጥመካ እንከሎ ወይ ቡዳኒ ናይ ጉጅለ ፕሮጀክት ክወሃበካ እንከሎ፡ ናብ እዞም ክብርታትካ ኢኻ እትጽጋዕ፡፡

ግሉጻት ኣብ ቦታ ስራሕ ከምኡ እውን ርእሰ ዲስፕሊን ኣብነታት ሕመረት ክብርታት እዮም፡፡ እዚኦም ምናልባት ኣካል ናይ ስርዓተ ውልቃውያን ክብርታትካ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡

ውልቃውያን ክብርታት ብደምር ናይ ኣተዓብብያኻን ተመኩሮ ህይወትካን እዮም ቅርጺ ዝሕዙ፡፡ ኣብ 2022 ኣብ ሰብኣዊ መንነትን ውልቃዊ ፍልልይን ዘተኩረ ዓሚቕ መጽናዕቲ ተኻይዱ ነይሩ፡፡ ብመሰረት እቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ ፈለማ ግዜ ህጻንነት ዝህልዉ ክብርታት፡ ኣብ ደቂ 5 ክሳብ 7 ዓመት ከይተረፈ ክዛዱ ይጅምሩ፡፡

እቶም ከም ዓርኩመሓዙትካ እትሕዞም ከምኡ እውን እቶም እትወስዶም ምርጫታት፡ ኣብ መጻኢ እንታይ ዓይነት ሰብ ከም እትኸውን ቅርጺ ዘትሕዙኻ፡ ብዘወሳኺ፡ ኣብ መንጎ ወለድን ደቆምን ብዙሕ ናይ ክብርታት ተመሳሰልቲ እዩ ዝረጋገጽ፡፡ እዚ ማለት፡ ህጻናት ብዙሕ ግዜ ካብ ወለዶም ስርዓተ ክብሪ ከም ዝወስዱ እዩ ተረጋጊጹ ዘሎ፡፡ የግዳስ ኣባላት ሓንቲ ስድራ ቤት ገለ ፍልልያት ኣብ ክብርታት እንተ ኣንጸባረቑ እውን ዘደንጹ ክኸውን ኣይክእልን እዩ፡፡

ኣብ ዝተፈላለዩ ከርንዓት ዓለም ዝርከቡ ሕብረተሰባትን ባህልታትን ኣብ ምጽላው ክብርታትካ ገለ ተራ ክህልዎም ይኽእል፡፡ ኣብ 2019 ብ'ፍሮንቲርስ ኢን ሳይኮሎጂ' ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ብዛዕባ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ፈጠራውነት ከምኡ እውን ውልቃውያን ክብርታት ኣብ መንጎ ክብርታትን ማሕበራዊ-ዲሞግራፊያውን ምትእስሳር ከም ዘሎ ኣረጋጊጹ፡፡

ኣብነታት ናይ ባህላዊ ክብርታት ንስድራ ቤታት፡ ዘይጽግዕተኛነት ከምኡ እውን ተመሓዛውነት የጠቓልል፡፡ ንኣብነት፡ ናይ ጃፓናውያን ኣተዓብብያ ህጻናት ዝያዳ ናጽነት ዝሃብ እዩ፡፡ ከም ወጽኢቱ እቶም እግሪ ተኸሊ ከይተረፉ፡ ኣዘዎም ርእሶም ንምኽኣል ፈንጠርጠር ዝበሉን ሓጺር መንገዲ ንኽበጽሑ እምነት ዝገበረሎምን ይኾኑ፡፡

---

ናብ ወሸጥኻ ኣዕሚቝካ ብምጥማት፡ ምሳኻ ዝያዳ ዝወሃሃዱ ክብርታት ኣለዉ፡፡ ገለ ሓሳባት ኣንፈታት ክህቡኻ ዝኽእሉ ዝርዝራት ክብርታት ይስዕቡ፡

## ክብርታትካ ምልላይ

1\. ርህራሁ፡- ርህራህ ንስለ ጸቡቕ ሕብረተሰብካ ክትብል ኣሰላኻ ምግባር እዩ፡፡ ንሸኻ ንኻልኦት ደቂ ሰብ ክትሕግዝ እንከለኻ ተግባር ርህራህ ትፍጽም ከም ዘለኻ ዘክር፡፡

2\. ኣተኣማምኒ፡- ኣተኣማምኒ ሰብ እንተ ኾንካ፡ ካልኦት ሰባት ኣብኻ ክምርኮሱልካ እትብቅዕ ክትኩውን ኢኻ፡፡ ኣተኣማምኒ ክብሪ ምምዕባል ማለት ኑቲ ባህርኻ ኣብ ካልኦት ሰባት ክትርእዮ ባህ ይብለካን ባዕልኻ ተንጸባርቖን እዩ ዝስምዕ፡፡

3\. መትከላውነት፡- መትከላውነት ኣብ ቤትካን ኣብ ናይ ስራሕ ቦታን ጭውነት ምሃላው ማለት እዩ፡፡ ንሸኻ ዋላ ሓደ ኣብ ዘይዕዘቦካ እውን ኑቲ ቅኑዕ ነገር ከም እትሰርሕ እዩ ዘገልጽ፡፡ ሓቂ ንምዝራብ ልክዕ ከም መፋጥርትኻ ይኸውን፡፡ ንሰባት ከኣ ብድሕሪኣም ከቶ ብሕሚታ ኣይትምንጭዮምን፡፡

4\. ልግሲ፡- ሊጋስ ምኻን ኩሉ ሻብ ብዛዕባ ገንዘብ ጥራይ ዝምልከት ክኸውን ኣይግባእን፡፡ ንሸኻ ብግዜኻ ሕያውነትካ ወይ ካልእ ነገር ሊጋስ እኳ ክትኩውን ትኽእል ኢኻ፡፡

5\. ትብዓት፡- ትብዓት ምንጽብራቕ ዝፍርሓካ ገለ ነገር ኣለሊኻዮ እንከለኻ ፍርሕኻ ተቖጻጺርካ ምቕጻል እዩ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ንኽላትና ዝተፈላለዩ ፍርሕን ድኽመታትን ስለ ዘለዉና፡ ትብዓት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ፡፡

6\. ምስጋና፡- ምስጋና ኑቲ ዘለካ ናይ ምድናቕ ተግባር እዩ፡፡ ምምስጋን



እትላመደሉ ሓደ መንገዲ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ኑቲ ዝረኸብካዮ ጸቡቕ ነገር ኣብ ወረቐት ምስፋር እዩ፡፡

7\. ጸቡቕ ህላወ፡- ጸቡቕ ህላወ ማለት ሕጉሳን ጥዑይን ምኻን እዩ፡፡ ንዊሒ ግዜ ብጽቕጢ ምስ እትጽቀጥ፡ ጸቡቕ ህላወኻ ኣብ ሓደጋ ይወድቕ፡፡ ክንዲ ዝኾነ እዩ እምበኣር፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ምግዳስ ኣድላዪ ዝኾውን፡፡

8\. ትምህርቲ፡- ንትምህርቲ ወይ ምምሃር ክብሪ ትህብ እንተ ኾንካ፡ ንእለቫ ፍልጠት ኣፍቂርካዮ ኣለኻ፡፡ ጸቓቑ ህይወት፡ ወትሩ ንሸኻ እትማሃሮ ሓድሽ ነገር ኣብ ቅድሜኻ ምህላው እዩ፡፡

9\. ፈጠራውነት፡- ኣብ ስራሕካ ስእለ ኣእምሮ ምጥቃም፡ ሕላገት ፈጠራውነት እዩ፡፡ ንሸኻ ልቢ ወለድ ኣብ ምጽሓፍ ተጸመድ ዋላ ኣብ ኢደ ስራሓት ንጠፍ፡ ፈጠራውነት ገጽ ክፋል ሰብኣዊ ተፈጥሮ እዩ፡፡

10\. ስድራ ቤት፡- ክብርታት ስድራ ቤት ንበዙሓት ኣገዳሲ እዩ፡፡ ምስ ስድራ ቤትካ እኹል ግዜ ምሕላፍ ክሳብ ክንደይ ብዛዕባኦም ከም እትግደስ እቲ ዝበለጸ ምስክር እዩ፡፡ ዋላ ካብ ጥቡቕ ፍቕሪ ዘለዎም ስድራ ቤት ኣይትወለድ፡ ምስ ኣብኦት ስድራ ቤትካ እተሕልፋ መዓልቲ ንዓኻ እታ ዝበለጸት ክትከውን ከም እትኽእል ኣብ ግምት ኣእትዎ፡፡

11\. ርእሰ ክብሪ፡- ርእሰ ክብሪ ንገዛእ ርእስኻ ምሕላይን ንምንሻው ሰባት ዘይምጽዋርን እዩ፡፡ እናሓንሳእ ርእሰ ክብሪ ማለት ውልቃዊ ደብትካ ከም ምንጻር እዩ - ዋላ እኳ ከምኡ ምግባር ኣጸጋሚ እንተ'ኹኑ፡፡

12\. ረዘምነት፡- ክእለታት ረዘምነት (ምርዓም) ንኽእለታት ኣብ ለውጢ ምምዕርራይ ወይ ኣጸገምቲ ስምዒታት የጠቓልል፡፡ ክእለታት ረዘምነት እንተ'ልዮምኻ፡ ቡዓህቲ ኩነታት ደው ኩብሉኻ ከቶ ኣይተፍቅድን ኢኻ፡፡ ኣብ ክንድኡ፡ ምስ እቲ ዋሕዚ ትኸይድ እሞ፡ ክሳብ ክንደይ ከም እትለማመዶ ተለልዮ፡፡

13\. ርእሰ ምምሕያሽ፡- ንሸኻ ገዛእ ርእስኻ እተመሓይሸሉ መንገድታት ቀጻሊ ሃሰው ትብል እንተ'ሊኻ፡ ንርእሰ ምምሕያሽ ክብሪ ሂብካዮ ኣለኻ ማለት እዩ፡፡ ኣበርቲዕካ ምስራሕ ከምኡ እውን ሹቶኻ ምንጻር እቶም ዝዓበዩ ክፋል ገዛእ ርእስኻ ምፍናም ኣይትዘንግዕ፡፡

14\. ብርቕታት፡- ንብርቕታት ክብሪ ምሃብ ማለት ንሸኻ ንፍሉይነትካ ልዑል ክብሪ ከም እትህቦ እዩ ዘጽርር፡፡ ከም ሰብ ፍሉይ ምኻንካ ኣይትጸልእን፡፡ ኣንጻር ንሓሶ ክትገዓዝ እውን ድሕር ኣይትብልን፡፡

15\. ተኣማምንነት፡- ተኣማምንነት (ኣሰርቲፍነስ) ማለት ብርእሰ ተኣማንነትን ብትብዓትን ምብህሃል እዩ፡፡ ንስለ ገዛእ ርእስኻ ደው እንተ ኢልካ ንሸኻ ተኣማማኒ ወይ ኣረጋጋጺ ኲንካ ኣለኻ ማለት እዩ፡፡ ተኣማማኒ ቅዱ ምብህሃል ካብ ገባጻዊ ምብህሃል እንበር እተፈልዮ እዩ፡፡ ተኣማማኒ ምብህሃል ሓደ ካብ እቶም ብዙሓት ቅድታት እዩ፡፡

16\. ሓገዝ ምሃብ፡- ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ እዋን ጸገም ህይወቱ ሓገዝ ይደሊ እዩ፡፡ ንሸኻ ኸኣ፡ ንኻልኦት ሰባት ክትሕግዝ ክብሪ ትህብ እንተ ኾንካ፡ ንዕኣቶም ብጽሞና ክትሰምዖም ግዜ ትህቦም፡፡

17\. ዘላቕነት፡- ብዛዕባ ኣከባቢ ተገዳስነት ኣለካዶ? ተገዳስነት እንተ'ልዩካ፡ ዘላቕነት ክብርኻ ክኸውን ዝሰፍሐ ዕድል ኣሎ፡፡ ንሸኻ ብዛዕባ ከተማ ዓለም ከምኡ እውን እቶም ነብርታ ተገዳስነት ተሕድር፡፡

18\. ክፉት ኣእምሮ፡- ክፉት ኣእምሮ ምኻን ማለት ንሸኻ ንሓድሽ ኣመለኻኽታ ክፉት ከም ዝኾንካ እዩ ዘረጋግጽ፡፡ ንሸኻ ምስ ሓያሳቲ ሰባት ምልላይ ወይ ብዛዕባ ካልኦት ባህልታት ክትፈልጥ ድሌት ዘለካ ክትኩውን ትኽእል ኢኻ፡፡

19\. ውልቃዊ ዕብየት፡- ውልቃዊ ዕብየት ክበሃል እንከሎ፡ ካብ እቲ ኣቐዲምካ ዝነበርካዮ ዝሓሸካ ምኻን እዩ፡፡ እዚ ውልቃዊ ዕብየት ምስ ስምዒታት፡ ጥዕና ወይ ካልእ ነገር ክተኣሳሰር ይኽእል እዩ፡፡

20\. ተዓጻጻፍነት፡- ካብ ሓደ ዓይነት ኣተሓሳስባ፡ ናብ እቲ ኻልእ ኣተሓሳስባ ብምቕያር ተዓጻጻፍነትካ ከተረጋግጽ ትኽእል፡፡ ተዓጻጻፍነትካ ክብ ከተብል እንከለኻ፡ ኑቲ ኣብ ውዱእ ግዜ ዝመጽእ ፕሮጀክት ከይተረፈ ኣጸፊፍካ ክትዓምሞ ትኽእል ኢኻ፡፡

"መስገደላት ህይወት ክፍትዎን ቅርጺ ክትሕዞን እዩ፡፡ የግዳስ፡ ንእንታይነትካ ክልውጦ ኣይግባእን፡፡" - ኣሮን ሎሪሰን

"ምስ ናትካ ዝመሳሰሉ ክብርታት ዘለዎም ሰባት እሞ ርኸብ፡ ብሓባር ኴንኩም ንዓለም ክትቈጻጸሩዋ ኢኹም፡፡" - ጆን ራትዘንበርገር

ይቕጽል

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## "ትምህርቲ፡ እምነ ኩርናዕ ብሉጻት ቈልዑ!"



ሎሚ 20 ሕዳር 2024 ኣህጉራዊ መዓልቲ ቈልዑ እዩ፡፡ "ትምህርቲ እምነ ኩርናዕ ብሉጻት ቈልዑ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ሃገርና ንመበል 33 ግዜ፡ ብደረጃ ዓለም ድማ ንመበል 66 ግዜ ይዝከር ኣሎ፡፡ ትምህርቲ መሰረት ዕብየትን ምዕባለን ሕብረተሰብን ሃገርን ምኳኑ ዝተረጋገጸ እዩ፡፡ ቈልዑ ድማ ዋሕስ ቀጻልነት ወለዶ ሕብረተሰብ ከም ምኳኖም መጠን፡ ዕብየትን ምዕባለን ሕብረተሰብ ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበር ጻዕራ፡ ቈልዑ ብቑዕ ኣገልግሎት ትምህርቲ ክረኽቡ ዘኽእሎም ወፍሪ ቀንዲ ኣተኩሮ ተዋሂብዎ ክስረሓሉ ዝግባእ እዩ፡፡

ቈልዑ ብዘለዎም ድሩትነት ናይ ኣካላዊ፡ ስምዒታዊ፡ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዕብየትን ምዕባለን መሰላቶምን ድሌታቶምን ንምርግጋጽ ኮነ ሓሳቦም ናይ ምግላጽ ብቕዓቶም ድሩት እዩ፡፡ ስለዚ ቀጻልነት ዘለዎ ሓገዝን ምትብባዕን ናይ ወለዲ፡ ኣለይቲ፡ ኮም፡ ሕብረተሰብ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ናይ ሃገር የድልዮም፡፡ እዚ ከኣ፡ መሰልን ድሕነትን ቈልዑ ኣብ ምሕላው ብዕቱብ ክስረሓሉ ዘለዎ ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ፡፡ ሓደ ካብቲ ኣህጉራዊ ውዕል መሰል ቈልዑ፡ ኣብ ዓንቀጽ 28 ናይ'ቲ ውዕል ኣሰፊሩዎ ዘሎ ኩይነ፡ ኩሎም ቈልዑ ብዘይ ኣፈላላይን ኣድልዎን ሕጋዊ ናይ ምምሃር መሰል ከም ዘለዎም ይጠቕስ፡፡ ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ፡ ሃገራት ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታተን ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ብዝተኻእለ መጠን ቈልዑ ኣብ መባእታን ማእከላይ ደረጃን ብናጻ ዝመሃሩሉ ዕድል ክፈጥራሉም ግዴታ ኣለወን፡፡ ተራ ኣህጉራዊ ስምምዓትን ውዕላትን ኣብ ምሕላው መሰልን ድሕነትን ቈልዑ ኣቓሊልካ ዝረኣኒ እንተዘይኮነ፡ ባህሊ ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ምኽሳኑ እሩማትን ኣፍረይትን ቈልዑ ግን እቲ ወሳኒ ረቛሒ እዩ፡፡ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ኣብ ኣልያን ክንክንን ቈልዑ ዝጸንሐ ኣጠማምታ ብሓፈሻ ዘለኣድ እዩ፡፡

መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ማለት ካብ ቅድመ-ትምህርቲ፡ መባእታ፡ ማእከላይ፡ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃ ብናጻ ክፍሊት ትምህርቲ ከምዝወሃብ ይገብር ኣሎ፡፡ እዚ ከኣ፡ ነቲ "ማዕረ ዕድላት ትምህርቲ ንኹሉ ዜጋ" ዝብል ፖሊሲ ኣብ ባይታ ተግባራዊ ንምግባር ዝዓለመ እዩ፡፡ ብተወሳኺ፡ መንግስቲ ምሉእ ምስ ምሉእ ጥዕና ዘለዎም ቈልዑ ብሓባር ክመሃሩ ንዘጸገሙ ቈልዑ ማለት ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም፡ ዓይነ ስዉራንን ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎምን ቈልዑ፡ ንዕኦም ናይ ትምህርቲ ዕድል ክረኽቡን ክጥዕሞም ብዘኽእል ኣገባብ ክመሃሩን ዕድል ፈጢሩ ኣሎ፡፡ ብተወሳኺ፡ ማሕበራዊ ናብዮት ዘድልዮም ኣብ ዘይንቡር ኩነታት ዝርከቡ ጸገማት ቈልዑ ማለት ዘኽታማት፡ ተናበይቲ ጎደና፡ ዝተራሕርሑ ቈልዑ፡ ኣብ በደል ዝወደቑ ቈልዑ፡ ስንኩላን፡ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝነብሩን ካልኦትን ናይ ትምህርቲ ባይታን ዕድልን ዝረኽብሉ ኩነታት ንምፍጣር፡ ብወገን ሚ/ዕ/ማሕበራዊ ድሕነትን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላትን ናይ ናውቲ ትምህርትን ዲቪዛን ሓገዛት ይግበር እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ብዘይካ እቲ ቈልዑ ኣብ ጎደና ከይወጹን ትምህርቶም ክከታተሉን ዝገብሮ ቀጻሊ ጕስጓሳት፡ ዓመታዊ ተሳታፍነት ጸገማት ቈልዑ ኣብ መእዲ ትምህርቲ ንምዕባይ ናይ ናውቲ ትምህርትን ዲቪዛን ሓገዛት ይገብር እዩ፡፡

### ትምህርቲ እንታይ'ዩ ዘጠቓልል?

ትምህርቲ ክበሃል ከሎ ኣካዳሚያዊ፡ ስነ-ልቦናዊ፡ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ትሕዝቶ ዘለዎ፡ ኣእምሮን ተበላሓትነትን ደቂሰብ ዘማዕብል ረቂቕ ሓይሊ እዩ፡፡ ብቐዓቱን ደረጃኡን ዝሓለወ ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ብምውሃድ፡ ተበላሓትነትን መሃዝነትን ቈልዓ ንምዕባይ ኣብ ዝካየድ ጻዕርታት መሰረታዊ ቅድመ ኩነት ኮይኑ ድማ ይቖጸር፡፡ እኹል ፍልጠት ምህላው፡ ንነገራት ናይ ምምዝዛንን ብብዙሕ መዳይ ንምርኣይን ዘኽእል ልዑል ክእለትን ንቕሓትን ክተማዕብል ሓጊዙ እዩ፡፡ እዚ ድማ ሰባት ብቐለሉ ኑብሶምን ከባቢኦምን ክፈልጡን ክርድኡን፡ ከም'ኡ'ውን ሓዲሽ ሓሳብ ናይ ምፍጣርን ምምሃዝን ሽውሃቶምን ባህጎምን ዘዕቢ እዩ፡፡ ልዑል ኑብሱ ክብሪ፡ ዕብየትን ርእሱ-ምትእምማንን ከምዝሰምዖም ኣብ ምግባር ከኣ ሓያል ኣስተዋጽኦ ኣለዎ፡፡ ስለዚ ትምህርቲ፡ ሰብ ኑቲ ኣብ ወሸጦም ዘሎ ዕቑር ናይ ምሕሳብ፡ ምምርማርን ምትግባርን ሓይሊ ኣነቓቒሑ፡ ኣብ ነገራት ልዑል ግንዛበ ክህልዎምን ኣፍረይቲ ክኾኑ ዘኽእሎም ፍልጠት ክዓጥቑን ባይታ ይፈጥር፡፡ ብፍላይ ህጻናት፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ጀሚሮም ኣብ ግቡእ ዕድመኦም ዕድል ትምህርቲ ረኺቦም እንተዓብዮም፡ ኣብ መጻኢ ምሉእ ዓቕምን ክእለትን ስለዘውንኑ፡ ንኑብሶም፡ ስድራቤቶም፡ ሕብረተሰቦምን ሃገሮምን ኣፍረይትን ሃጸትን እዮም ዝኾኑ፡፡

### ብሉጻት ቈልዑ ንምህናጽ ዘገልግል ሜላ

ትምህርትን ብሉጻት ቈልዑን ከም ክልተ ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክግለጹ ይኽእሉ፡ ብሉጻት ቈልዑ ክምልመሉ እንተኾይኖም፡ ብቑዕ ናይ ትምህርቲ ባይታን ዕድልን ዝረኽብሉ ኩነታት ምጥጣሕ የድሊ፡፡ ኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ምፍራይ ብሉጻት ቈልዑ ክንብል ከለና፡ ብብዙሕ መገዲ ዝግለጽ ኮይኑ፡ ቈልዑ ናይ ምሕሳብ፡ ምምርማርን ናይ ምምዝዛንን ዓቕሞም ከስፍሑ ይገብሮም፡፡ ብተወሳኺ፡ ትምህርቲ ቈልዑ ስምዒታውን ማሕበራውን ምዕባለ ክህልዎም፡ ኑብሶምን ከባቢኦምን ብግቡእ ክፈልጡን ክደህስሱን፡ ህንጡይነት ከሕድሩን ልዑል ኣስተዋጽኦ ዝገብርን መገዲ ዝጸርግን እዩ፡፡ ኣእምሮ ደቂሰብ ብምሉእ ኣደህሮን ብልዑል ናይ ምግባር ድሌትን እንተተመሪሑ፡ ሓዲሽ ሓሳብ ናይ ምፍጣርን ምድህሳስን ክእለት ከምዝለዎ ዝኩሓድ ኣይኮነን፡፡ ተበጺሑ ዘሎ ጥርዚ ምዕባለ ዓለምና'ውን ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ፡፡ እዚ ተግባራዊ ንምግባር እምበኣር፡ ትምህርቲ ቅድሚ ኩሉ ዝስራሕን ወሳንን እዩ፡፡ ብተወሳኺ፡ ትምህርቲ፡ ሰብ ውልቃዊ ህይወቶም ክመርሑሉ ዘኽእሎም ሞያን ክእለትን ከጥርዩ ዝሕግዝ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ብትምህርቲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ፡ ብፍላይ ኣብ መንነ ቈልዑን መንእሰያትን፡ ሓያል ናይ ምውድዳር መንፈስን ቅዱስ ቅንኢን ክሓድር ይግባእ፡፡

ትምህርቲ መርሓ ቅኑዕ መገዲ ህይወት እዩ፡፡ ህይወትና ዝቐለለን ዝመቸኣን ክኸውን፡ ንዘጋጥመና ሽግራት ብቐለሉ መፍትሒ ክንረኽበሉ የኽእለና፡፡ ኣብ ምህናጽን ምዕቃብን እሩም ባህልን ስነ-ምግባርን፡ ከም'ኡ'ውን ክብርታት ሕብረተሰብን ሃገርን ኣብ ምኽስኻስን ደፋኢ ሓይሊን ኣበርክቶን ኣለዎ፡፡ ህያው ኣብነት ናይ'ዚ፡ ዓለምና ብጺሓቶ ዘላ ደረጃ ዕብየትን ምዕባለ ረቂቕ ቴክኖሎጂን እዩ፡፡ እዚ ከኣ፡ ኣብ ትምህርቲ ልዑል ወፍሪ ስለ ዝተገብረን ኣብ ዜጋታት ሓያል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ስለ ዝሰረጸን እዩ፡፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከኣ፡ ደቂሰብ ሓዲሽ ነገር ንምምሃዝ ኣብ ቀጻልን ዘየቋርጽን ጻዕሪ ተጸሚዶም ይርከቡ፡፡ ስለዚ፡ ቈልዑ መጻኢናን መጻኢ ሕብረተሰብን ሃገርን ካብ ኮነ፡ ጽባሕ ንግሆ መታን ክርህወናን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክንበጽሕን፡ ቈልዑ ብቑዕ ትምህርቲ ክመሃሩ ክንገብሮም የድሊ፡፡

### ቈልዑ ዕወታት ክኾኑ ዘድልዩ ረቛሒታት

ኣብ ቈልዑ ትምህርቲ ዕወታት ክኾኑ ዘኽእልዎም ብዙሓት ረቛሒታት ኣለዉ፡፡ ሓደ ካብኡ፡ ስርዓተ ትምህርቲ ወይ ካሪክለም እዩ፡፡ ካልእ፡ ልዑል ምሕደራን ምቁጽጻርን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ተራን ኣበርክቶን መማህራን ወለዲ፡ ተገዳስነትን ጻዕርን ተመሃሮ...ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡ መማህራን ዓንዲ ሕቖ ሕብረተሰብን ሃገርን ምኳኖም ኩላትና እንሰማምዓሉ ሓቂ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ብሉጻት ቈልዑ ኣብ ምፍራይ ዝለዓለ ትኹረት ዝወሃቦ ጉዳይ እዩ፡፡ መማህራን'ውን ከም ወትሩ ሓላፍነት ተሰሚዕዎም ኣብ ምህናጽን ምፍራይን ዕወታት ተመሃሮ ከይተሓለሉ ክሰርሑ ይግባእ፡፡ ተመሃሮ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሑ፡ ተራን ልዑል ምክትታልን ወለዲ'ውን ገዲ'ኻዩ ዘይሕለፍ እዩ፡፡ ሙብዛሕትኦም ብሉጻት ቈልዑ፡ ወጽኢት ኩሉ መዳያዊ ኣልያ፡ ጻዕርን ተገዳስነትን ወለዶም ኣብ ትምህርቲ ምኳኖም ርዱእ እዩ፡፡ ስለዚ ስድራቤታት ነዚ ተገንዚበን ኣብ ትምህርቲ ደቀን ዝለዓለ ትኹረት ክገብራን ኣቓሊበን ክሰርሓሉን ኣለወን፡፡ ብተወሳኺ፡ ኮማዊ ተሳትፎ ኣብ ምሕያል ትምህርቲ ንምርግጋጽ፡ ግደ ሕብረተሰብ ዕዙዝ ክኸውን ይግባእ፡፡ ቈልዑ ብትምህርትን ስነ-ምግባርን ተሃኒጾም ዝዓብዩሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር'ውን ሕብረተሰብ ክዋሳእ ኣለዎ፡፡ መንግስቲ'ውን ብወገኑ፡ ቀዋምነት ረብሓ ቈልዑ ኣብ ግምት ብዘእተወ መገዲ፡ ዓቕሙ ብዘፍቐዶ፡ ድሕነትን መሰልን ቈልዑ ኣብ ምሕላው፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ንዘተሓንጸጹ ፖሊስን መምርሒታትን ኣብ ምትግባር፡ ዕላማኡ ገይሩ ካብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ዓብይቲ መደባት እዩ፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ምፍራይ ብሉጻት ቈልዑ እምነ ኩርናዕ ምኳኑ ንጹር'ዩ፡፡ ደረጃ ዕብየትን ምዕባለ ቴክኖሎጂን ብኣዝዩ ልዑል ፍጥነት ኣብ ዝጐዓዘሉ ዘሎ እዋን፡ ምስኡ ንምጕዓዝ ዘኽእለና ፍልጠት ክህልወና እንተኾይኑ ግን፡ ብቐዓቱን ደረጃኡን ዝሓለወ ስርዓተ-ትምህርቲ ክህልወና፡ ብዝለዓለ መዳይ ክነስርሓሉ ዘለና ምኳኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡ ምስኡ'ውን ደቅና፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ክዕዎ-ጥራይ ዘይኮንና ክንከታተሎምን ክንሕግዞምን ዘለና፡ ኣብ መዳይ ቴክኖሎጂ'ውን ፍልጠቶም ዓብዩ፡ ንቴክኖሎጂ ኣብ ክንዲ ብኣሉታ ብጽወታ ከም ዝጥቀምሉ ኣብ ምግባር፡ ዘይተሓለለ ጻዕርን ደገፍን ክንገብረሎም፡ መድረኹ ዝጠልቦ ዘሎ ጉዳይ እዩ፡፡

**ወልዱ ክፍላይ**
**ጨ/ድ/ቈልዑን ስድራቤትን**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኣ ንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:15 | ፊልም ቻይና |
| 15:10 | ህርመት |
| 16:35 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | መደብ ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ዕላል ተመኩሮ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ህዝቢ ባጆ



ህዝቢ ባጆ ሓደ ካብቶም ኣብ ኢንዶኔዥያ ዝርከቡ ቀቢላ ኮይኖም፡ ኣብ መላእ ቦታታት እታ ሃገር ተዘርጊሖም ይቕመጡ፡፡ መበቆላውነቶም ካብ ጆሆር - ማለዥያ ከም ዝኾነ ይግለጽ፡፡ ህዝቢ ባጆ ኣብ ማለዥያ 'ኳላ' ተባሂሎም ይፍለጡ፡፡ ብዝሒ ህዝቦም ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ እዩ፡፡

ብመሰረት ጽሑፎም፡ ቀደም ንጉስ ጆሆር ንህዝቡ ነታ ካብ ንግስነት ዝሃደመት ጓሉ ደልዮም ክምጽእዋ ኣዘዞም፡፡ እዞም ሰባት ንጉስ ናብ ገለ ቦታታት ብምኻድ ትምርዓዋ ወዲ ንጉስ ኢያ ትደሊ ነይራ፡፡ ኣብ ሱላወሲ ዝተባህለ ቦታ ከም ዝበረትን ናብ ጆሆር ክትምለስ መደብ ከም ዘይብራን ፈለጡ፡፡ እቶም ትእዛዝ ንጉሶም ኣኽቢሮም ንጓሉ ክደልዩዋ ናብቲ ቦታ ዝመጹ ህዝቢ ድማ፡ ኣብ ዝቐጽል ግዜ ኣቦላት ህዝቢ ባጆ ኮኑ፡፡ ካብ 16 ዘመን ኣትሒዞም ግዱ ናብ ኩሉ ቦታታት ተዘርግሖ፡፡

ሎሚ ምስ ቡጊስን ማዱረስን ዝበሃሉ ህዝብታት ሓቢሮም ይነብሩ ኣለው፡፡

ህዝቢ ባጆ 'እቶም ባሕረኛታት' ብዝብል ቅጽል ስም እዩም ዝፍለጡ፡፡ ኩሉ ህይወቶምን ናብራኦምን ምስ ባሕሪ ዝተተሓሓዘ እዩ፡፡ ገዛኦም ድማ ኣብ ገምገም ባሕሪ ይሰርሑ፡፡ ስለዚ ድማ፡ እዮም 'ሰበኽ ሳዋም ባሕሪ' ተባሂሎም ዝጽውዑ፡ ኣብቲ መጀመርታ መንበሪኦም ከይተረፈ ኣብ ጃልባ ነበረ፡፡ እዞም ህዝቢ ሓደ ካብቶም ንባሕርን ኣብኡ ዝነብሩ ህይወታውያንን ብዝሓሸ ብኣገባቡ ዝጥቀምሉ እዮም፡፡

ሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ክሳብ 900 ቶን ዓሳ ክገፍፍ ይኽእል፡፡ እዚ ድማ ንባሕሮም ማዕረ ክንደይ ከም ዝመልክዎ ዘርኢ እዩ፡፡ ናብ ኣብ ቢማ ለማጣኑ ባሊ ከምኡ'ውን ጃቫ ዝርከቡ ቻይናውያን ነጋዶ ይሸጥዎ፡፡ ባሕሪ በረኸት ከም ዘምጽኣሎም ስለ ዝኣምኑ ኣፍደገ ገዛኦም ናብ በረኻ ገጹ ከም ዘጥምት እዮም ዝነብርዎ፡፡ ብዚይካ'ዚ ገዛ ባጆ መግለጺ ባህሎምን መንነቶምን እዩ፡፡


ባጆ ቀደም ወላ'ኳ ሰዮብቲ ናይ ኣቦታቶም ኣማልኽቲ እንተ ነበሩ፡ ሎሚ ግዳ ኣመንቲ እምነት ምስልምና እዮም፡፡

## የውላህ

ካልኣይ መጸውዒ የውላህ፡ ኣል የላ ዝብል ኮይኑ፡ ባህላዊ ሳዕስዒት ናይቶም ኣብ ሰዑዲ ዓረብ ዝነብሩ ኣዕራብ እዩ፡፡ እዚ ባህላዊ ሳዕስዒት ዝስዕስዕ ሰብ ድማ ያዊል ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡ የውላህ ኣብ ምግንን ቀጠርን ልሙድ ሳዕስዒት እዩ፡፡ ዝያዳ ድማ ኣብ መርዓታትን ጽምብላትን እዩ ዝካየድ፡፡

ትግደድ ስለ ዝበርኑ፡ ግና ሓቀኛ ብቕዓት ሰብኣይ ዝረኣየሉ እዩ ምኽንያቱ ካላሽን ኢደካ ዘርግሕካ ንቕድሚት ሒዝካ ከየንቀሳቐስካ ሒዝካያ ክትስዕስዕ ዝኾነ ሰብ ዝኽእሎ ነገር ስለ ዘይኮነ" ይብል፡፡

ሳዕስዒት ክጅመር ከሎ ያዊል ወይ እቲ መራሒ ሳዕስዒት ዘሎ ሰብ ካላሽን ሒዙ ቀስ ኢሉ ንክቢ እናዝረ ክስዕስዕ ይጅምር፡፡



ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን በበጉጅለ ተፈላልዮም ብኸበሮን መዚቃን ተሰንዮም ሓቢሮም ይስዕስዑ፡፡ የውላህ ኣብ ዝኾነ ክልል ዕድመ ዘሎ ሰብ ማለት ህጻናትን ደቂ ኣንስትዮን ከይተረፋ ዝስዕስዕዎ ዓይነት ሳዕስዒት እዩ፡፡

እዚ ሳዕስዒት 'ናይ ኩናት ሳዕስዒት' ተባሂሉ'ውን እዩ ዝፍለጥ፡፡ ምኽንያቱ ደቂ ተባዕትዮ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ሴፍ ወይ ካላሽን ምስ ጥይቱ ሒዞም እዮም ዝስዕስዑ ነይሮም፡፡ ስለዚ ድማ ዝኾነ ሰብ ክመልኮን ናጻ ኮይኑ ክስዕስዖን ዝኽእል ኣይነበረን፡፡ ሎሚ ግና፡ ፈኲስ ክብደት ዘለዎ ካላሽን ሒዞም ስለ ዝስዕስዑ ካብቲ ዝበሮ ቅልል ዝበለ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ህጻናት ግና፡ ኣብ ክንዲ ካላሽን በትሪ ሒዞም እዮም ዝስዕስዑ፡፡

መሓመድ ኣል ያተም መራሒ ጉጅለ ባንድ ኣብ ዱባይ እዩ፡፡ "ቀደም የውላህ ክትስዕስዕ ከቢድ እዩ ነይሩ፡፡ ምኽንያቱ ግድን ጠያይቲ ዝመልኣ ካላሽን ክትሰከም ነታ ካላሽን ድማ ንላዕሊ ይሰንዱዋ እሞ ብብርኩ ተንበርኪኹ ይቖልዕ፡፡

ቀደም ደቂ ተባዕትዮ የውላህ ክስዕስዑ ከለዉ ብዚይ ዝኾነ ከበሮን ካልእ መሳርሒ መዚቃን ኣብ ሓንቲ ማስርዕ ተሰሪዖም 'ቻላህ' እናበሉ ጥራይ እዮም ዝደርፉ ነይሮም፡፡ ድምጾም ድማ ክሳብ ርሑቕ ክሰማዕ ይኽእል ነበረ፡፡

ኣብ ሕዳር 2010፡ ካብ ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ዝተኣኻኸቡ 285 ተሳተፍቲ ሓቢሮም ኣብ ፋጃራህ ዝተባህለ ቦታ የውላህ ብምስዕሶም ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ጊነስ ክሰፍሩ ክኢሎም እዮም፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ንጉስ ፋጃራህ ዝኾነውን ንምምራጽ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ሴፍ ሒዝካ ናይ ምስዕስዕ ውድድር ኣካየዱ፡፡ ኣብ ሕዳር 2014 ድማ የውላህ 'ኣል ኣይያላ' ብዝብል ስም፡ ኣብ ዝርዝር ባህላዊ ወርሻ ኣብ መዝገብ ዩኔስኮ ክሰፍር በቒዑ እዩ፡፡

ሺሃብ ኣርኣያ

## በረራ 914 - ኣብ ሰማይ 30 ዓመታት ዝወሰደ ጉዕዞ ኣየር

ግድል በረራ 914 ንምፍታሕ ነንሓድሕዶም ዝጋጩዉ ዝተፈላለዩ ትንተናታት'የም ዝቐርበ፡፡ እቲ ብብዙሓት ደገፍ ዝረኸበ ግና፡ "ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምጉዓዝ" ዝብል፡ ክሳብ ሕጂ ጭብጥ መርትዖ ዘይብሉ ክልሱ ሓሳብ'ዩ፡፡ ብርክት ዝበሉ ሊቃውንቲ ተመራመርቲ'ውን ዝርከቡዎም፡ ወዲ ሰብ ካብ ሓደ ዘመን ወይ ግዜ ናብ ካልእ ክሰጋገር ይኽእል'ዩ ዝብል ርድኢት ኣለዎም፡፡ ነዚ ንምትግባር'ውን ዝተፈላለየ ኣብ'ዚ መስርሕ ዝገልግሉ መሳርሒታት ተማሂዘን'የን፡፡ እንተኾነ እዚ ሓሳብ፡ ካብ ድልየት ሰባት ዝቖለን ኣብ ሳይንሳዊ ልቢ-ወለዳዊት ጥራይ ዝረኣን እዩ፡፡ ካብ ዝሓለፈን ብሕጂ ዝመጽእ ግዜን፡ ናብ'ዚ ዘለናዮ ግዜ፡ ናይ ምምጻእ ተኽእሎታት ከምዘሎ ክኢላታት ይዛረቡ፡፡ ብርክት ዝበሉ ኣብነታት ዝጠቕሱ'ውን ኣለዉ፡፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኢጣልያዊት ከተማ ፓሌርሞ፡ ዝተራእዩ ካብ ማእከላይ ዘመን ከም ዝመጽኡ ዝሕብር ኣካዳድናን፡ ናይ ሓጻውን ገንዘበን ዝበርዎም ክልተ ወተሃደራት ንምሽኻት ሮማ፡ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ጃፓን ሃንደበት ከምእተራእዩ ይጥቀስ፡፡ ዜጋታት ሓንቲ ስማ ኣብ'ዚ እዋን ዘየለ ሃገር ምዃኖ ዝሕብር ፓስፖርት ዝበሮ ተጓዓዚ እውን ከምእተረኽበ ይሕበር፡፡ እቲ ዘገርም'ዞም ሰባትን መሳልልቶምን ልክዕ ከም'ቲ ሃንደበት ዝመጽኡ ሃንደበት ምስዋሮም እዩ፡፡ እቶም ክልተ ወተሃደራት ንኣብነት፡ ነቶም ኣብ ጎደና ብኣካዳድናኦም ተገሪሞም ዝርእዩዎም ዝነበሩ ሰባት፡ ንሶም'ውን በቲ ኣብ ግዜኦምን ዓለሞምን ዘየለዉ ምዕባለ ዝፈጠርዎ ነገራት እናተደነቑ'የም ሃንደበት ተሰዊሮም፡፡ እቲ ስወር ጊያሻይ'ውን ኣብ ሓንቲ ጸብብን ዕጽውትን ክፍሊ ብኣኽበርቲ ጸጥታ ጃፓን እናተሓለወ'ዩ ከም ሃፋ ሃፊፉ፡፡ ነዚ ሓሳብ ዝድግፉ፡ ከም'ቲ ካልኦት ሰባት ካብ ካልእ ዓለም ዝመጽኡና፡ ንሕና'ውን ናብ ካልእ ዓለምን ግዜን ከም እንሰጋገር ይገልጹ፡፡ በረራ 914 ተኻይዱ ዝበረት ነፋሪት'ውን፡ ኣብ ሰማይ እንከላ ኣብ ሓደ ፍሉይ ሰሓቢ ማግነታዊ ሓይሊ ዘለዎ ቦታ ምስ በጽሐት፡ ካብ'ቲ ዝበረቶ 1955 ንድሕሪት 30 ዓመት ብምምጻእ፡ ናብ 1985 ምስጋገራ ይሕበር፡፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ጊያሾን እታ ነፋሪትን ዝኾኑ ናይ ግዜ ለውጢ ዘይምስተዋሉ'ውን እቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝገበር ምንቅስቓስ ንዓኦ'ኳ ነዊሕን ናይ ዓመታትን ጉዕዞ እንተኾኑ እቶም ተጓዓዝቲ ግና፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናይ 10ታት ወይ ድማ ኣማኢት ዓመታት ዝገበሩ ብምዃኖም ዝኾነ ኣካላውን ካልእን ለውጢ ኣየርኣዩን፡፡ እዚ ርድኢት'ዚ ብርክት ዝበሉ ግድሎም ዘይተፈትሓሉ ዝተሰወሩ ኣብ ሰማይን ምድርን ዝጸዩ መጓዓዝያታትን ሃንደበት ዝተሰወሩ ሰባትን'ውን ይንጸሕ ይሕጸር ምምላሶም ከም ዘይተረፈም መርትዖ ምኳኑ'ውን ደገፍቲ'ዚ ሓሳብ ይሰማምዑ፡፡

ምስ'ዚ ክልሱ-ሓሳብ ዘይሰማምዑ ግና፡ እዛ ነፋሪት ከም'ቲ ዝበሃል ዘሎ፡ ኣብ ጉዕዞ እንከላ ብሓደ ናይ ግዜ መተሓላለፊ ኣቢላ ካብ 1955 ናብ 1985 ሰገራ እንተኾይና፡ ዳግማይ ካብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ካራካስ ምስ ነቐለት ኣብ ሚያሚ ክትዓልብ እንከላ፡ ኣብ 1985 ዘይከነሳ በቲ ዝኣተወቶ መተሓላለፊ ኣቢላ ኣብ'ቲ ኣቐዲማ ዝቖለትሉ 1955 እያ ክትምለስ ነይሩዋ ዝብል ርድኢት'ዮም ዘቕርቡ፡፡ ምኽንያቱ ኩሎም'ቶም ካብ ካልእ ግዜ ከም ዝመጽኡ ዝንገረሎም ተርእዮታት፡ ሓንሳብ ጸኒሖምም'የም ካብ'ቲ ዝሰገርዎ ግዜ ናብ'ቲ ዝጸንሑዎ ግዜ ዝስወሩ ነይሮም ይብሉ፡፡

እዛ ነፋሪትን ተሳፈርታን በቶም "ዩፎ" ወይ ድማ ዘይተለለዩ በረርቲ ኣካላት ዝበሃሉ፡ ኣዝዮም ምዕቡላት ፍጥረታት ተጨውዮም ነይሮም ዝብል ሓሳብ'ውን ኣሎ፡፡ ተርእዮ "ዩፎ" ኣካታዒ፡ ደጋፍን ተቓዋምን'ኳ እንተለዎ፡ ኣብ ዓለምና ካብ ዘጋጥሞ ተርእዮታት ምስጢር ዝኸዘለ ካብኡ ብዩፎ ዝተፈጸመ'ዩ ተባሂሉ ይንገር'ዩ፡፡ ብዩፎ ተጨዊና ናብ ህዋ ኬድና ነይርና ዝብሉ ሰባት ብምህላዎም'ውን እቲ ጉዳይ ሓቂ ምዃኑ ዝገልጹ ኣለዉ፡፡ ደቂ-ሰብ በጺሕናዮ ዘለና ምዕባለ ንምፍላጥ፡ "ዩፎ" ነይሮም-ነይሮም ሰባት ንምጭዋይ ናብ መሬት ከም ዝመጽኡ ዝኣምኑ ብርክት ዝበሉ ኣለዉ፡፡

ሓንቲ ዓመት ኣብ ግዜና፡ ኣብ ካልእ ግዜ ሓንቲ መዓልቲ ወይ ድማ ኣማኢት ዓመታት ክትከውን ከም እትኽእል ብምርዳእ ከኣ፡ እዞም ን30 ዓመታት ብዩፎ ዝተጨውዩ ጊያሾ፡ ኣብ ዓለም ዩፎ ዘሎ ግዜ ምስ ናይ ዓለምና ከጸጻር እንከሎ፡ ሓጺር ብምዃኑ ኣብ ልዕለኦም ዝኾነ ባዮሎጂያዊ ለውጢ ብዘይምምጻእ፡ ኣብ ነብሶም ይኹን ክዳውንቶም ዝኾነ ለውጢ ዘይብሉ ክኸውን ከምዝኸኣለ ደገፍቲ'ዚ ሓሳብ ይሕትዑ፡፡

ፔርሙዳ ትሪያንግል እውን ጠንቂ ምኳኑ ዝገልጹ ኣይተሳእኑን፡፡ እዛ ነፋሪት፡ ካብ'ቲ ሰለስ ኩርናዕ ዝወጽእ ሓይሊ ምስ ተሳሕበት ኣብ ክንዲ እትሕምሽሽን ትስወር፡ ልዕሊ ዓቕምና ብዝኾነ ሓይሊ፡ ንዋሒ ዓመታት ጠልጢል ኢላ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዳግማይ ክትምለስ ከም ዝኸኣለት ዝገልጹ ኣለዉ፡፡

ነፋሪት በረራ 914 ካብ ነውዮርክ ናብ ሚያሚ ብ2 ሓምለ 1955 ድሕሪ ምብጋሳ ከም ዝተሰወረት ዝገልጹ ሰነዳትን መርትዖታትን ኣለዉ፡፡ ካብ ኢድ'ቲ ኣብራሪ ዝወደቐት ካላንደር፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ካራካስ - ቬንዙወላ ክትህሉ እንከላ፡ እቶም ጊያሾ ድሕሪ ዝተገብረሎም መርመራ ኣብ ቤቶምን ስድራኦምን ድሕሪ ምምላሶ ዘጋጠሞም ህይወት፡ ብመልክዕ ደኩመንታዊ ፊልም ተሰኒዱ ይርከብ፡፡ እቲ ዝዓበየ መርትዖ ግና፡ ኣብ'ቲ እዋን ወዲ 10 ዓመት ዝነበረ ኣልፍሬድ ምስ ወለዱ ኣብ'ታ ነፋሪት ዝነበረ ጊያሻይ ክሳብ ሕጂ ኣብ ሚያሚ ብህይወት ይነብር ምህላዉ እዩ፡፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ ወዲ 79 ዓመት ኮይኑ ኣሎ፡፡ ኣልፍሬድ ዋላ'ኳ ምስ ዝተፈላለየ ማዕከናት ዜና ብዙዕባ'ዚ ኣገራሚ ፍጻመ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ "ኣብ ሰማይ እንከለና ሃንደበት ብርቱዕ ብርሃን ከም ዝሸፈነና እዝከር፡፡ ብድሕሪኡ ግና እንታይ ኣጋጢሙ ኣይፈልጥን" ኢሉ፡፡ ወላ'ኳ እቲ በረራ 30 ዓመታት እንተወሰደ፡ እቶም ጊያሾ ግን ኣይተረደኡምን፡፡ ልክዕ ኣብ ዝኾነት ናይ መገሻ ነፋሪት ከምዝለዉ ወጻዕ ይብሉ፡ ገለ ዝደቀሱ ካልኦት ንጥፈታቶም የካይዱ ምንባሮምን ብዙሓ ግዜ ዘሓለፈ ከም ዘይነበረን ክሓዮ ምሕባር፡ ንተመራመርቲ ሓጊዚ ክኾውን ዝኽእል ሓበሬታ ኣይሃቦን፡፡ እቲ ንብዙሓት ካብ ዘርም ካልእ ተርእዮ'ዛ ነፋሪት፡ እቲ ዝተጠበሰትሉን ዝተራእየትሉን ዕለትን ወርሕን ተመሳሳሊ ማለት 2 ሓምለ ምዃኑ'ዩ፡፡ እዚ'ኸ ምትእስሳር ኣለዎዶ የብሉን እቲ ግድል ክሳብ ሕጂ ኣይተፈትሐን፡፡



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ተማሰገን ኣማኑኤል ዓንደብርሃኑ ስም ኣደይ እምኑት ዑቕባማርያም ክፍለ ምባል ተረፉ፣ እምኑት ዑቕበ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢኢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ናትናኤል ተኪኤ ነጋሽ፡ ኣቦይ ተኪኤ ነጋሽ ገብረመድህን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ የዲት ገብረሊባኖስ ኪዳነማርያም፡ ተጻዋዒ ኣቶ ብርሃነ እንግዳ ወልደሃንስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሳምራዊት ዓንደማርያም ብርሃኑ፡ ተኸሳሲ ረዳኢ ብጹኣምላኽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ፊልሞን ገርጃ ኣብዪ፡ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ዊንታ ሃይለ ግደ ስለዝተሰውኣት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ውዳ ድማ ወራሲ ምኻኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መኣዛ ኪዳኔ፡ ብዓል ቤተይ የማነ እምባዩ ሓጎስ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ኣማኑኤል ገብረመድህን ኪዳኔ፡ ወለድና ገብረመድህን ኪዳነ ኣርዓዶምን ወ/ሮ ንግስቲ ሮኽረጽዮን ዘርኢትን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ሓምድ ጀምዕ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ መሓመድጀምዕ ሳልሕ ጀምዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ጺጋ ባርያጋብር ዑቕባ፡ ብዓል ቤተይ ስለዝዓረፈ፡ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ናጽነት ደበሳይ ገብረስላሴ ምባል ተረፉ፡ ናጽነት ደበሳይ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽኣ ኣስመላሽ ገብረመድህኑ፡ ስም ኣደይ ኣብሳራ በርሀ ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ተኽኣ ገብረመድህን ሽፍታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ውነሽ ኪዳነ ገብረኣብ፡ ብስም ኣቦይ ነ/ሄር ኪዳነ ገዘሀይ እትፍለጥ ትካል ጡሕና፡ ናብ ስመይ ትሰጋገረለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ብርሃና ገብረኪዳን ጠዓመ፡ ብዓል ቤተይ ክፍሉም ኣስመላሽ ተኽለይ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መሓመድ ሰዒድ ዑመር ኣሕመድ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ሰዒድ ኣሕመድ ዕማር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

መሓመድሑሴን ማሕሙድ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ሑሴን ማሕሙድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that **CHINA ENERGY ENGINEERING GROUP SHANXI ELECTRIC POWER CONSTRUCTION CO.,LTD, CEEC-SEPCC(CO.,LTD)** has opened a branch office in Asmara, Eritrea.

1. The name of the Company is **CHINA ENERGY ENGINEERING GROUP SHANXI ELECTRIC POWER CONSTRUCTION CO.,LTD.**
2. Nationality of the Company is China.
3. The head office of the Company is at 29 Chuangye Street, Shanxi Demonstration Area, P.R.China.
4. The share capital of the company is CNY 400,839,800.00 (Four Hundred Million Eight Hundred Thirty Nine Thousand and Eight Hundred Yuan). All shares are subscribed and fully paid up in cash and in non-monetary property.
5. The business objectives of the company shall be:
   Thermal Power Generation Engineering Construction, Design of construction projects; Installation, renovation and repair of special equipment; Installation, maintenance and tasting of transmission, power supply facilities; Survey of construction projects; Engineering management service and any other legally permitted activities related to power generation and construction.
6. **Mr. Yu Zhihua** has been appointed as General Manager of China Energy Engineering Group Shanxi Electric Power Construction Co.,ltd (Eritrea Branch) for unlimited period of time.
7. The company is established for unlimited period of time.

**CHINA ENERGY ENGINEERING GROUP SHANXI ELECTRIC POWER CONSTRUCTION CO.,LTD.**



### ምስጋና

ብማስዋእቲ ኣዚና ብልቢ እነፍቅሮን እነኽብሮን ኣቦናን ሓውናን ኣቶ የናስ ማና ባይሩ - ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያ ዝነበረ - ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ኣብ ዝነበረ ስነ ስርዓት ሓዘን ምሳና ዝሓዘንኩም፡ ሬሳ ኣብ ምስዓድን ምቕባልን ከምኡ'ውን ስነ ስርዓት ቀብሪ ኣብ ምምዕራግ ምሳና ዝደኸምኩም፡ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት፡ ሰራሕተኛታት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያ፡ ካህናት ወሉቤክ ኤርትራ ኣብ ሽወደንን ኤርትራን፡ ኣባላት ውዳበታትን ማሕበረ ኮማትን ኣብ ሽወደን፡ ኖርወይ ዴንማርክ፡ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብቴሌፎን ካብ ወሽጢ ወጻኢን ዘጸናናዕኩምና ምስጋናና እናቕረብና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ብኣኽብሮት ንገልጽ፡፡

ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ብዓልብቤተይ ኣቶ ፍስሃየ ዑቕባብርሄል ጎይትኦም ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ ባና ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንጽሕፉ፡፡

ብዓልቲቤቶም ወ/ሮ ኣልጋሽ ገብረትንሳኤ
ምስ ደቆምን ምሉኣት ስድራቤትን



### ምስጋና

ብሞት ኣዚና ነፍቅሮ ወድና ኣማን ኣብርሃም ገብረእየሱስ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ኣመሪካ ኣብ ምልኣኽ ሬሳ ብፋይናንስን ብኣካልን ዝተሓጋገዝኩምና ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ክሳብ ዓዲ ደቂ ሹሓይ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ኣሕዋትን ፈተውቲን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡

ኣቡኡ ተጋ/ኣብርሃም ገብረእየሱስ

ምስ ብዓልቲ ቤተይ ወላዲቱ ፍረወይኒ ገብረእግዚኣብሄር
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ኣቶ ምስግና ተወልደብርሃን ኣስፍሃ (ወልደዳዊት) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ኣብ ወሽጢን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ገነት ተስፎም
ኣደኡ ሮማ ተኽለን ምስ ኩሎም ደቁን ኣሕዋቱን

ኣነ በየነ የስኣብ ዝተበሃልኩ፡ ምስ 4 ኣሕዋተይ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ኣብ ኣስመራ ምም/ከባቢ ኣኽርያ ጥቓ ቤተክረስትያን እንዳጋብርኤል ዝርከብ፡ ብዮገዚያዊ ምስክር ወረቐት 104791 መወከሲ ቁጽሪ 110567 ብስም ወለድና ነፍ/የስኣብ ሓጎስ መዓሾን ነፍ/ቅድሳን ምስግና ደብልቐን ዝተመዝገበ 4 ክፍልን 3 ተሓጋገዝን ዘለዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ሰዓቱ ኣቕሪብ ጉዳዩ ክፍጸም ምኻኑ እሕብር፡፡

በየነ የስኣብ ሓጎስ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ርሻን ኣሰፋ በየነ ምግቢ ተሪፋ፤ ርሻን ኣሰፋው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ሰናይት ኣስፊሃ ኣብጠው፤ ኣዴና ሮማን ኣቦይ ብርሃን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሃናእ ማሓሪ መንግስትኣብ ምግቢ ተሪፋ፤ ሃና መሓሪ መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ሸዊት ገብረሚካኤል ተስፋሚካኤል ምግቢ ተሪፋ፤ ኣብሰሎም ገብረሚካኣኤል ተስፋሚካኣኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ሚካል ተፈሪ ወልዱ ምግቢ ተሪፋ፤ ሚገ. ተፈሪ ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢትዮጵያ ሃብቱ ተድላ ምግቢ ተሪፋ፤ ሰናይት ሃብቱ ተድላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣብረሀት ውብእ ገዛህኝ፡ ብዓል ቤተይ ሰዩም ክብረኣብ ቀለተ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወልዱ የውሃንስ ያቆብ ምግቢ ተሪፋ፤ ተኽለ ጺጋይ ወልደኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሉተብሃን እዮኣብ ገብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ሰመረ ተስፋይ መንግስቱ ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣብርሃም ተኽለማርያም ኪዳንማርያም፡ ተኸሳሲት ጺጋ ፍስሃ ኣርኣያ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሚላት ክብርኣብ ባህታ፡ ስም ኣደይ ንግስቲ ገብረእንድርያስ ምግቢ ተሪፋ፤ ንግስቲ ገብረየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳ. ተስፋሚካኤል ገብረሰላሴን ተጻዋዕቲ ወረ/ፍ/ሄር ኣቦ ገብረትንሳኤ ኪዳኑ፡ ኣንቶኒታ ኮርናኪያ ደምጊኑ፡ ሉተብርሃን ገብረሰላሰ ብሩ፡ ሉተኺዳን ገብረሰላሰ ብሩ ንዳኹም ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ን5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምኻኑ ንፈልጥ።

ኣላይት ጴጥሮስ ጳውሎስ፡ ዓብዩና ፋና ገብረታትዮስ ኪዳነ ስለዝዋረፈት፡ 3 ደቓን 3 ደቂ ወዳን ወረስቲ ምኻንና ደረጋጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

እዝግሄርያ በራኺ ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ከፈላ ተስፋጊዮርጊስ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኸሊ

ከሳሲት ወ/ሮ ሚካል የናስ ኢሳቕ፡ ተኸሳሲ ፍሊጶስ ተኽለኣብ ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኻኑ ንፈልጥ።

ጽገሬና ማቴዎስ ዑቕባጼየን ምግቢ ተሪፋ፤ ሃና ማቴዎስ ዑቕባጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ምሕረት ሃይለ ኣርኣያ ምግቢ ተሪፋ፤ ሰሊና ሃይለ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

እስጢፋኖስ ዘርኣይ ወልደገርግሽ፡ ብዓልቲ ቤተይ ትርሓስ ካሕሳይ ሃይለ ስለዝዘተሰውኣት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ግደይ ክፍለማርያም ኪዳኑ፡ ጓሲይ ኣዜብ በርሀ ተስፋገርግሽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሚካል ሓጎስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምናሴ ግርማይ ተስፋይ፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ።

ከሳሲ ሚሮን ጺጋይ ጋፎ፡ ወኪል ናዝሬት ጋፎ፡ ተኸሳሲት ከሮስ ተስፉ ሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምኻኑ ንፈልጥ።

ቅሳነት መሓሪ ክፍሉ፡ ኣቦይ መሓሪ ክፍለ ገብረሰላሴ ስለዝዘተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ርእሶም ግርማይ ኣስገዶም፡ ተጸዋዒት ይሕደጋ ኣስፍሃ ወልዱ ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክርክር፡ ተጸዋዒት ንጹር ኣድራሻኣ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኪ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምኻኑ ንፈልጥ።

ሓደሽ ጺጋይ ገብረሂወት፡ ብዓልቲ ቤተይ ይሕደጋ ግርማይ ኣብርሃ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተኽኣ ተ/መድህን ነጋሲ፡ ሓፍተይ ሉተርፈኣል ተወልደመድህን ነጋሲ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሚካኤል ብርሃ በርሀ፡ ኣቦይ ብርሃ በርሀ ተኽለሰንበት ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ረጋጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ምስጋና ዘርኣይ ገ/መድህን ምግቢ ተሪፋ፤ ሳሮን ዘርኣይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣኽበረት እስጢፋኖስ ኣብርሃ፡ ሓፍተይ ጺጋ እስጢፋኖስ ኣብርሃ ብሂወት እንከላ ብዕለት 17/5/22 ዓ/ም ብመዝ/ቁ 156/2022 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ዞባ ማእከል ቀሪባ ኑቲ ኣብ ማይተመናይ ዝርከብ ገዛ ዝሃበትኒ ሰነዋ ክጸድቀለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ 2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሩታ ሃይለ ተወልደመድህን፡ ኣቦይ ሃይለ ተወልደመድህን ዒተል ስለዝዋረፈ፡ ንኣዴና ሉተሃይማኖት መብራህቱ ናይ መጸምዲ ማስላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ደማ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ት/ዕድመ ዞሚካኤል ኤፍሬም እስጢፋኖስ፡ ብመንገዲ ወኪሉ ኣቶ ኤፍሬም እስጢፋኖስን ኣብርሀት እስጢፋኖስን ኣቢሉ ስመይ ዞሚከኤል ኤፍሬም ምግቢ ተሪፋ፤ ዘመን ኤፍሬም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ 17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ረዘነ ጸገ ተስፋሰላሴ፡ ወለደይ ጸገ ተስፋሰላሴ ዓንደሚካኤልን ሉተሰላሴ ገብረገርግሽ ኣስፍሃን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ 17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሉተዝበ. ጺጋይ ሃብተማርያም፡ ተኸሳሲ ወ/ነ/ተስፋጋብር ሃብቱ፡ ናይ ስም ምስግጋር ውዕል ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲ ኣብርሃለይ ከሱተ ገብረኣብ፡ ተኸሳሲት ሙቐት ዑቕባገርግስ ተወልደመድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምኻኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲ ምም/ክራይ ኣባይቲ ን/ዞ ዓዲ ቐይሕ ሓላፊ ስራሕ ኣቶ ክፍለማርያም በርሀ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኤልሳ ሰለሙን ፋይዶ፡ ንዓኺ ዝምልከት ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምኻኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሳዕድያ መሓመድዓሊ ኣዳም፡ ት/ዕድመ ኣሶንቶም 1ይ ያሰር ዳሌ፡ 2ይ ያስራ ዳሌ፡ 3ይ ዓብዱሰላም ዳሌ ምግቢ ተሪፋ፤ 1ይ ያሰር ዓሊ መሓመድ፡ 2ይ ያስራ ዓሊ መሓመድ፡ 3ይ ዓብዱሰላም ዓሊ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ 25/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሉተኪዳን ብርሃ ተስፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ዘርእሰናይ ገብረሂወት ገብረማርያም ስለ ዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ 28/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋሽ ነፍሓ፡ ጎደና-ቁ/ገዛ ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00023598 ናይ ቤት መግብን መስተን ትካለይ ንወ/ሮ ንግስቲ ርእሶም ተስፋጼን ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቀሓውታ ጎደና ጸሎት ቁ.ገዛ 35 ብ200,000.00 ናቕፋ ብዕለት 13/10/2022 መዝ. 136/2022 ስለ ዝሸጥኩሉ፡ ብስም ሺያጢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃሊዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቘጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ንፈልጥ።

ኪዳነ ግደይ ዓንደሚካኤል

ብስም ተኽለማርያም ተኪኤ ስብሃቱ ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00020841 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ዓዲ ኣበይቶ ቁ/ገዛ - ዝርከብ ናይ ሕብስቲ ትካለይ ንኣቶ ቦኽረጽዮን ዓንደማርያም ኣብዬ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ዓዲ ኣበይቶ ቁ/ገዛ - ካብ ዕለት 16/8/24 ክሳብ ዕለት 15/08/2030 ኣካርየ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቘጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ተኽለማርያም ተኪኤ ስብሃቱ



# ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ

ብፍላይ ድማ ን6ይ ክፍሊ

ALPHA PROBLEM SOLVER FOR GRADE 6

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ 6ይ ክፍሊ ዘጠቓልለት
- ልዕሊ 850 ሕቶታት ምስ ምሉእ ኣሰራርሓን መግለጽን
- ልዕሊ 2200 መለማመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ
- ልዕሊ 500 ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቱ




ቴለ. 07151337 ወይ 07282165

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ስላስ ጉብረትንሳኤ ሃብተገርግሽ፡ ብዓል በቲይ ፍስሓጽዮን ግርመ ወልደጉብርኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ሞሳሊይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.32 9ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ጽሃይኒሽ ተሰፋልደት ትኩእ፡ ብዓል በቲይ ጉብረ ፍረ ኪዳ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ሞሳሊይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.32 9ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሳሮን መሉጌታ ደሞዙ ተኸሰስቲ መሓመድ ሓጂን ፈሸን በሊይ ሃብተስላሴን ንናይ ስም ዋንነት ናይ መኪና ዝምልከት ክሲ. ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ከሳሲት ሰላማዊት ሰለሙን ተኽለገርግሽ ተኸሳሲ ኣቶ ኣይንብርከኽን ኣሮን ወልደሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ-ዕዳጋ እኽሊ

ሄለን ሰለሙን ዕቑበ፡ ኣዴና መኣዛ ሰለሙን ተኽለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ግርማይ ኣርኣያ፡ ብመንገዲ ወኪል ኣቦሉ፡ ወለደይ ኣርኣያ ሃይለ ኖማርያምን ወይኒ ወልደሚካኤል ዘርኣን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰምሃር ተኽለሰንበት በርሀ ምግቢ ተሪፉ፡ ሰምሃር ብርሃ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ቴድሮስ የውሃንስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ እስክንደር ኣማኑኤል፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ሰቲት ጳውሎስ የዕበዮ ምግቢ ተሪፉ፡ ሰቲት ጳውሎስ ኢዮብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኽለብርሃን ጺጋይ ኣውዓሎም፡ ወለደይ ጺጋይ ኣውዓሎም ባህታን ለታይ ተኽለሃይማኖት ማስመርን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሙብራት ዑቕባዝብርኤል ወልደጉብርኤል፡ ስም ኣደይ ትዕበ ጉብረስላሴ ሓጎስ ምግቢ ተሪፉ፡ ጻድቃን ጉብረስላሴ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣስቴር ፍትዊ ቀለታ፡ ወለደይ ቀሺ. ፍትዊ ቀለታ መንግስቱን ምላሹ ስዩም ተላን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ዓብዱ መሓመድ ሓቢብ ሳልሕ ምግቢ ተሪፉ፡ ዓብዱ መሓመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ልችያ ግርማጼን ሓጎስ፡ ተኸሳሲ. ብዓል በቲይ ተስፋሚካኤል መሓሪ ኣርኣያ፡ ካብ ሃገር ምስ ወጸ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዑ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ምምሕዳር ሆቴላት መንግስቲ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት 2025 ከምኡ'ውን መበል 35 ዓመት ጽምብል ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅልን ኣብ ሆቴላት መንግስቲ ባጽዕ ገርግሱም ቢች ሆቴልን ሰንትራል ሆቴል ባጽዕን ኣብ ዘሎ ክፉት ቦታ (open Area) ብክራይ ናይ ምዘናጋዕ መደባት ከዳልዉ ንዝደልዩ ግዱሳት ይዕድም፡፡

ተጫራትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት

* ተጫራትቲ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ናይ ለይታዊ ትልሂት (Night club) ፍቓድ ዋኒን ሰድ ካብ ዕዳ ነጻ ናይ 2024 ካብ ኣታዊ ወሃቢ. ሃገር የቕርቡ፡፡
* መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ናቕፋ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ብCPO የትሕዙ፡፡
* ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰድ ጨረታ (መግለጺን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ፡ ደንበ ሰምበል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ መንግስቲ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክውሰድ ይከኣል፡፡
* ጨረታ ድሕሪ ምዕጻው ቀጺሉ ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት፡፡
* ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ ብምሉእ ይኹን ብኽፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ቱሪዝም
ምም/ሆ/መንግስቲ

---

| | AZEL PHARMACEUTICAL Sh. Co. | |
|---|---|---|

## ምልክታጨረታ
### ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን ሃለኽቲ ኣስቤዛን

ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ኣብ ከረን ንዝርከብ ካፈተርያ ዝኸውን ኣሕምልትን ፍረታትን ሃለኽቲ ኣስቤዛን ካብ ወርሒ ጥሪ 01/2025 ክሳብ ታሕሳስ 31/2025 ከቕርቡ ዝኽእሉ ኣቕረብቲ ከወዳድር ስለ ዝደለየ፣ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ግዱሳት ተጫረትቲ ንኽወዳደሩ ይዕድም፡፡

### ተጫረትቲ ከማልእዎ ዝግብኦም ቅጥዕታት

1. ተጫረትቲ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ኮይኖም ናይ 2019 ፍቓድ ንግዲ ዘሐደሱን ግብሪ መንግስቲ ናይ 2024 ከም ዝኸፈሉን ብሰነድ ከረጋግጹ ኣለዎም፡፡
2. ተጫረትቲ ዘቕርብዎም ሰነዳት ብመበቀላዊ (original)ን ቅዳሓትን ኮይኖም፡ ኩሎም ሰነዳት ምስ ቀረቡ መበቀላዊ ሰነዳት ተመላሲ ይኾኑ፡፡ ቅዳሕ ድማ ኣብ ትካልና ይተርፍ፡፡
3. ተጫራቲ ወኪል ምስ ዝኸውን ናይ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ውክልናን ቅዳሕ ሃገራዊ መንነትን የቕርብ፡፡
4. ተጫራታይ ኩሉ ብቕዓቱ ብሰነዳት የረጋግጽ፡፡ ንኣብነት (ኣብ ግዜ ናይ ምቕራብ ብቕዓት፡ ፋይናንስዊ ብቕዓት፡ ሕሉፍ ትመኩሮ ኣገደስቲ መምዘኒታት ስለዝኾኑ ብሰነዳት ኣሰንዩ ምቕራቦም ኣገዳሲ ይኸውን፡፡
5. ተጫረትቲ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል፡ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሮም ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣስመራ ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ንምስታፍ 5,000.00 ናቕፋ (ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) ትሕጃ ጨረታ (Bid security) ብጥረ ገንዘብ ወይ'ውን ብCPO የትሕዙ፡፡ ኣብ ጨረታ ምስ ዘይዕውቱ ተመላሲ ይኸውን፡፡
7. ተጫራታይ ኣብዚ ጨረታ'ዚ ዕዉት ምስ ዝኸውን 100,000.00 ናቕፋ (ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) መተግበሪ ጨረታ (performance guaranty ) ብCPO ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ሕሳብ ትካል መፍረ መድሃኒት ትሕጃ የትሕዝ፡፡
8. ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ተጫረትቲ ናይ ጨረታ ሰነዳቶም (offers) ብመሰረት ተዳልዩ ዘሎ ናይ ጨረታ ሰነድ መሊኦም ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ጨረታኦም ብማሕተም ኣሰንዮም ምሉእ ሰነዳት ብዝተዓሸገ ፖስታ የቕርቡ፡፡
9. ጨረታ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣስመራ ካብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት፡ ልክዕ ሰዓት 9፡00 ቅድሚ ቀትሪ ይኽፈት፡፡ ዝኾነ ለውጢ ናይ ግዜ ምስዝግበር ድማ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ኣዘል ንተጫረቲ ብጽሑፍ/ወይ'ውን ብተሌፎን ይሕበር፡፡
10. ዝኾነ ተጫራቲ ተወሳኺ መብርህን ሓበሬታን ምስ ዝደሊ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ ዘሎ ግዜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ኣስመራ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ኣድራሻ ተጠቂምካ ምውካስ ይከኣል፡፡
11. ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት፡ ጨረታ ብኽፊል ወይ'ውን ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

**ኣድራሻና፡**
**ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ኣስመራ**

P.O.Box 89

Tel. + 291 1 401994/400234

**ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ኣዘል**


P.O.Box 6799

Tel + 291 1 120028 -120029

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዝርዝር ሕጹያት ሽልማት “ካፍ” ተዘርጊሑ




ኮንፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ)፡ ናይ መወዳእታ ሓሙሽተ ሕጹያት ንሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ኣፍሪቃ 2024 ዘርጊሑ።

እዞም ኣብዘ ዝጸዓቶትን ተበሃጊትን ናይ ውልቂ ሽልማት ናይዚ ኣህጉር ተሓጺዮም ዘለዉ ተጻወትቲ፡ ናይጀሪያዊ ኣደሞላ ሉቅማ ክሉብ ኣታላንታ፡ ጊናዊ ሰርሆ ጉይራሲ - ቦሩሽያ ዶርትሞንድ፡ ሞሮኳዊ ኣሽራፍ ሓኪም - ፒኤስጂ፡ ኣይቮሪኮስታዊ ሳይሞን ኣዲንግራ - ብራይተን ከምኡ'ውን ደቡብ ኣፍሪቃዊ ሓላዊ ልዳት ሮንወን ዊሊያምስ - ማመሎዲ ሰንዶውንስ እዮም። እዚ ወዲ 32 ዓመት ሓላዊ ማዕጾ ዘይኮምቶም ካልኦት ምስ ክለባት ኤውሮጳ ዝጻወቱ እቲ እኹ ኣብ ሊግ ኣህጉሩ (ኣብ ናይ ሃገሩ ሊግ እዩ ዝጻወት) እናተጻወተ ዝተመርጸ እዩ። እዞም ተጻወትቲ ኣብዚ ወቕቲ ብውልቆም ብዘርኣይዎን ብዘበርክትዎን ጽልዋ እዮም፡ ንሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ኣፍሪቃ ተሓጺዮም ዘለዉ።

እዛ ሽልማት፡ ካብ ጥሪ ክሳብ ጥቅምቲ 2024 ኣብ ዘሎ ግዜ ብዘርኣይዎ ብቓዓት እያ ተጻወትቲ ትሓሪ። ዕወት ከኣ 16 ሕዳር ኣብ ሞሮኳዊት ከተማ ማራካሽ ክፍለጥ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒን መንእሰይ ተጻዋታይን፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት፡ ብልጽቲ ጋንታን ካልኦትን ሽልማት ክዕደሉ እዮም። ናይጀርያዊ ቪክተር ኣሲመን ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕወት ምንባሩ ይዝከር።

## ቀድድም ብሽክለታ፡ መደብ ጸወታ ምቕያሩ ተሓቢሩ

ሻምፕዮን ቀድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ማእከሎት (ጅንጀር) ከምኡ'ውን ነኣሽቱ (ዩዝ) ብዝተደደዎ ናይ ጽርግያ ውድድር ምጅማሩ ይዝከር።

ማእከሎት ተቐዳደምቲ ዓርቢ ኣብ ማይ ደምቦት ብናይ ውልቂ ናይ ግዜ ጸወታ (ክሮኖሜትር) ውድድር ክዛዘሙ፣ ነኣሽቱ ከኣ ሰንበት ካልኣይ መድረኽ ኣብ ከተማ ውድድር ክካይዱ፡ ኣቐዲሙ መደብ ተታሒዙ ነይሩ።

እንተኾነ ነኣሽቱ ተቐዳደምቲ፡ ቀዳም ኣብ ማይ ደምቦት ብናይ ውልቂ ናይ ግዜ ጸወታ ውድድር ክዛዘሙ እዮም፡ እንተላይ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ።

በዚ ከኣ ሰንበት፡ ዓበይቲን ትሕቲ 23ን ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ከምኡ'ውን ዓበይቲ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ እዮም ናይ ከተማ ውድድር ከሰላስሉ።

## ሚሊታኦ፡ ዕዉት መብጣሕቲ ገይሩ

ወሳኒ ተኸላኻሊ ክሉብ ሪያል ማድሪድ - ኤደር ሚሊታኦ ትማሊ ሰሉስ ዕዉት ናይ ብርኪ መብጣሕቲ ከምዝገበረ ጋንታኡ ኣፍሊጣ።



ሚሊታኦ ቅድሚ ክልተ ሰሙናት ንኦሳሱና ኣብ ዝሰዓረሉ ናይ ላ'ሊጋ ጸወታ እዩ ኣብ የማናይቲ ብርኩ መጉዳእቲ ገጢምዎ፣ እናነብዐ ኣብ ባሬላ ተጸይሩ ድማ ወጺኡ። መርመራ ክገበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ ትማሊ ዕዉት መብጣሕቲ ገይሩ። እዚ ብራዚላዊ ዳግማይ ንክሓዊ ኣስታት ትሽዓተ ኣዋርሕ ክወስደሉ ከምዝኽእል ተገሚቱ ኣሎ።

ሚሊታኦ ዝሓለፈ ዓመተ-ስፖርት ኣብ መኽፈቲ ጸወታ ኣብ የማናይቲ እግሩ ተመሳሳሊ መጉዳእቲ ገጢምዎ ምንባሩ ይዝከር። ክሳብ'ዚ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ከኣ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ተቐሲቡ ነይሩ። ድሕሪ ሽውዓተ ኣዋርሕ ተመሳሳሊ መጉዳእቲ ኣብ የማናይቲ እግሩ ኣጋጢሙዎ ብምህላዉ ከኣ ንናይ ጸወታ ግዜኡ ብኣሉታዊ ከይጸልዎ ኣሰጋኢ ገይርዎ ይርከብ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ እዚ ወዲ 26 ዓመት ብሉጽ ናይ ማእከል ተኸላኻሊ፡ በዚ ተገሚቱዎ ዘሎ ግዜ ኣብ ምጅማር ሓዲሽ ዓመተ-ስፖርት 2025-26 እዩ ናብ ጸወታ ክምለስ።

ሪያል ማድሪድ፡ ሰሪ መጉዳእቲ ኣብ ማእከላይ መስመር ምክልኻል፡ ዋሕዲ ተጻወትቲ ኣጋጢሙዋ ምህላዉ ይፍለጥ። ዳቪድ ኣላባ ዛጊት ካብቲ ንሓደ ዓመት ካብ ጸወታ ዝኣለዮ መጉዳእቲ ስለዘይተመልሰ ኣብዚ እዋን ተረፉ ዘሎ ምስተር ናይ ማእከል ተኸላኻሊ፡ ኣንቶንዮ ሩዲገር ጥራይ እዩ።

## ቬይራ፡ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ጀኖኣ ኮይኑ

ፈረንሳዊ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኣርሰናል - ፓትሪክ ቬይራ፡ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ኢጣልያዊት ክሉብ ጀኖኣ ኮይኑ ተመዚዙ።



ኣብዚ ወቕቲ'ዚ ሕማቕ ወጽኢት ኣብ ምምዝጋብ እትርከብ ጀኖኣ ንኣሰልጣኒኣ ኣልበርቶ ጊላርዲኖ ኣብሪራቶ ኣላ። ምስ ቬይራ ዝርርብ ክትገብር ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ ሓዲሽ ዓላሚኣ ክኸውን ተሰማሚዓ ኣላ። ኣብዚ ሰሙን'ዚ ስርሑ ክጅምር ምኻኑ ከኣ ይሕበር። ንኽንደይ ዓመት ውዕል ከምዝፈረመ ግና ዛጊት ኣይተፈልጠን ኣሎ።

ኣብ ሓምለ 2024 ብናይ ሓባር ምርድዳእ ካብ ምስልጣን ፈረንሳዊት ክሉብ ስትራስቡርግ ዝተፈለየ ቬይራ፡ ኣብዛ ጋንታ ከቢድ ብድሆ ክገጥሞ ከምዝኽእል ግምት ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ካብ 12 ናይ ሊግ ግጥማት ክልተ ዓወትን ኣርባዕተ ማዕረን ረኺባ፡ ብ10 ነጥቢ መበል 17 ተሰሪዓ ብምህላዋ፡ ንኸይትወርድ ከቢድ ስራሕ ክጸበዮ እዩ።

እቲ ብስፖንጠር ጠቢቑ ዝፍለጥ ኢጣልያዊ ማሪዮ ባሎተሊ ኣባል ናይ'ዛ ጋንታ እዩ። ቬይራ ተጻዋታይ እንከሎ፡ ንሰለስተ ዓመታት ኣብ ኢንተር ሚላን ንሓደ ዓመተ-ስፖርት ከኣ ኣብ ማን ሲቲ ምስ ባሎተሊ ብሓባር ተጻዊቱ ነይሩ።

## “ነይማር ዝበለጸ ተጻዋታይ እዩ” ቡፎን

ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ሓለውቲ ልዳት ዓለም ምኻኑ ዝምስከረሉ ጂያንሉጂ ቡፎን፡ ደቂ ጋንታኡ ካብ ዝነበሩ ተጻወትቲ እቲ ዝበለጸ ነይማር ምኻኑ ተዛሪቡ።

ቡፎንን ነይማርን ኣብ ፒኤስጂ ንሓደ ዓመተ-ስፖርት (2018-19) ብሓባር ተጻዊቶም ነይሮም።


ነይማር (ጸጋም) ቡፎን (የማን)

እዚ ኢጣልያዊ ሓላዊ ልዳት፡ ደቂ ጋንታኡ ካብ ዝነበሩ ወይ ኣንጻሩ ካብ ዝነበሩ ዝበለጸ መን ምኻኑ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ “ምስ ሰለስተ ወለዶ እየ ተጻዊተ፣ ከመይ ኢለ ክመርጽ? ዚዳን፡ ሮናልዶ ናዝሪዮ፡ መሲ፡ ክሪስቲያኖ፡ ኢኒየስታን ካልኦትን። እንተኾነ ሓደ ክመርጽ እንተኾይኑ ነይማር ምበልኩ። ብናተይ ርኢይቶ፡ ሓሙሽተ ግዜ ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ክዕወት ይግብኦ እዩ።” ኢሉ።

ልዑል ተውህቦ ኩዕሶ እግሪ ዘዓደሎ ነይማር፡ ብፍላይ ኣብ 2013 ካብ ሳንቶስ ናብ ባርሴሎና ክመጽእ እንከሎ፡ ነቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ዓብላልነት ዘመነ ሮናልዶን መሲን ቀስ ብቐስ ከውድቖ ተገሚቱ ነይሩ፣ ብዙሕ ውልቃዊ ሽልማት ባሎን ድ'ኦር ክዕትር'ውን ትጽቢት ተነቢሩሉ ነይሩ።

እንተኾነ ኣብ ገለ እዋናት ካብኦም ድሕሪ ሮናልዶን መሲን ሳልሳይ ምስራሑ ንዛ ሽልማት ከይልዓላ እዩ ካብ ኤውሮጳ ብምውጻእ ኣብ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ዝጻወት ዘሎ። ቡፎን ከኣ ን28 ዓመታት ኣብዚ ዓውዲ ድሕሪ ምጽዋት፡ ኣብ 2023 ኣብ መበል 45 ዓመቱ ኣብታ ናይ ጸወታ ግዜኡ ዝፈለመላ ክሉብ ፓርማ በኛ ኢዱ ሰቒሉ።

## ዜና ብሓጺሩ

* ኣከፋፋሊ ቶተንሃም ሮድሪጎ በንታኩር፡ ሸውዓተ ግጥማት ፕሪመር ሊግ ከይጻወት ተቐጺዑ - ኣብ ልዕሊ ወዲ ጋንታኡ ደቡብ ኮርያዊ ሶን ሂንግሚን ዓሌታዊ ዘረባ ድሕሪ ምዝራቡ።

ኣብ ወርሒ መስከረም ብፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ዝተኸሰ በንታንኩር፡ ተወሳኺ 100 ሽሕ ፓውንድ ክኸፍል'ውን ተበዪኑሉ ኣሎ።

እዚ ኣርጀንቲናዊ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ብጋዜጠኛ ናይ ሃገሩ ናይ ሶን ማልያ ከምጽኣሉ ድሕሪ ምሕታቱ፡ “ኩሎም ሓደ እንደየም ዝመስሉ፡ ወዲ ኣኮኡ'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ።” ክብል ብምዝራቡ እዩ ተኸሲሱ። ንሶ፡ ከሳ ኢሉ ከጥቕዕ ከምዝይሓሰበን ክፀዝ ኢሉ ዝተዛረቦ ዘረባ ምኻኑን ብምግላጽ ግና፡ ድሒሩ ይቕረታ ሓቲቱ ነይሩ እዩ።

* ተጻዋታይ ኣስቶን ቪላ ሞርጋን ሮጀርስ፡ ክሳብ ሰነ 2030 ዘጽንሖ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ።

ኣብ ጥሪ 2024 ካብ ሚድልስብሮ ናብ ቪላ ዝተጸምበረ እዚ ኣከፋፋሊ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ራብዓይ ደረጃ ክትሕዝ ሓጊዙዋ እዩ። ወዲ 22 ዓመት ሮጀርስ፡ ኣብዛ ጋንታ ብዘርእዮ ዘሎ ብሉጽ ዓቕሚ፡ ፋልማይ ጸውዒት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ክረክብ እንከሎ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንግሪኽ 3-0 ኣብ ዝሰዓሩሉ ናይ ኔሽንስ ሊግ ጸወታ ከኣ ተቐይሩ ብምእታው ናይ መጀመሪያ ጸወታኡ ኣካዪዱ።

## “ብሕጂ ን10 ዓመት ክጻወት እንተኾይነ፡ ካብ ናይ ሞድሪች ደም ክወስድ ኣለኒ” ቫልቨርደ

ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ፈደሪኮ ቫልቨርደ፡ ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ ናይ ጸወታ ግዜ ወዲ ጋንታኡ ሉካ ሞድሪች ብምድናቕ፡ ከም ናቱ ክጻወት ከቢድ ምኻኑ ገሊጹ።

ወዲ 39 ዓመት ሞድሪች፡ ኣብዚ ወቕቲ ክጻወት እንተኾይነ'ውን ኣይፈልጥን እየ። ሞድሪች ግና፡ ኣብዚ ቀረባ ግዜ 40 ክመልእ እዩ።” ኢሉ።

ዕወት ባሎን ዲ'ኦር 2018 ዝኾነ ሞድሪች፡ ሓደ ካብቶም ምስ ዕድመ ምድፋእ ቁመናኦም ዘጥፍኡ ውሱናት ተጻወትቲ እዩ። እዚ ሓለቓ ጋንታ ክሮኤሽያ፡ ኣብዚ ወቕቲ ዛጊት ልዕሊ 20 ግጥማት ምስ ሃገሩን ክለቡን ኣካዪዱ ኣሎ። ኣብ 2017 ንቐዳመይቲ ጋንታ ሪያል ማድሪድ ክሰለፈላ ዝጀመረን ኣብዚ እዋን ሓደ ካብ ዝበለጹ ኣከፋፈልቲ ዓለም ዝኾነን ቫልቨርደ ድማ፡ መሪሕ ተራ ኣብ ምጽዋት ይርከብ - ኣብ ክለቡን ሃገሩ ኡራጓይን።


ቫልቨርደ (ጸጋም) ሞድሪች (የማን)

ኣብ ሸውዓተ ግጥማት ክለቡ ካብ ፈለማ ክሰለፍ እንከሎ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ 17 ግጥማታ ተሰሊፉላ እዩ። ወዲ 26 ዓመት ቫልቨርደ'ውን ተመሳሳሊ ኣብ ኩለን ግጥማት ተጻዊቱ።

ቫልቨርደ፡ ከም ሞድሪች ንነዊሕ ዓመታት ክጻወት እንተኾይኑ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ “ካብ ሕጂ ን10 ዓመታት? ከቢድ እዩ። ክዕበሮ ዝኽእል እንተኾይኑ ካብ ናይ ሞድሪች ደም ክወስድ ኣሎኒ። ክሳብ ወዲ 32 ዓመት

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## “ብሓገዝ ሰራዊት፡ ስደተኛታት ብጃምላ ክሰጉግ'የ” ትራምፕ

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክኸውን ዝተመርጸ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሕጋዊ ሰነዳት ዘይብሎም ስደተኛታት፡ ብሓገዝ ሰራዊት ኣመሪካ ብጃምላ ክሰጉግ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ፕረዚደንት ዝሓለፈ ሰኑይ ብማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ዘዘርግሖ ሓበሬታ፡ ስልጣን ምስ ሓዘ ብኡ ንብኡ ህጹጽ ሃገራዊ ኣዋጅ ብምውጻእ፡ ወተሃደራዊ ንዋት ተጠቒሙ ወፍሪ ጃምላዊ ምስጓግ ክጅምሮ ምዃኑ ገሊጹ።

ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ዘካየዶ ዝበረ ናይ ምረጻ ጎስጓሳት፡ ናብ ስልጣን ኣብ ዝድይበሉ ቀዳመይቲ መዓልቲ፡ ምስጓግ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ክጅምር ምዃኑ ብተደጋጋሚ ክዛረብ ተሰሚዑ እዩ።

እቲ ኣወጻጽኣ ዘሎ መደብ ኣብ ግብሪ እንተ ወዒሉ፡ ኣብ ታሪኽ ኣመሪካ እቲ ዝዓበየ ጃምላዊ ምስጓግ ስደተኛታት ክኸውን እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ ዓቢ ፋይናንሳዊ ወጻኢታት ዝሓትት መደብ፡ ንሰብኡ ኽፍሊ ኢሚግሬሽን ጉምሩክን ኣመሪካ ዓቢ ብድሆ ክኸውን ከምዝኽእል'ውን ይሕበር ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ክፍሊ ኢሚግሬሽንን ጉምሩክን ኣመሪካ ኣስታት 20 ሽሕ ሰራሕተኛታት እኳ እንተሃለውዎ፡ እዚ ቁጽሪ'ዚ ግን ነቶም ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰነዳት ዘይብሎም ስደተኛታት ክርክቦም ክከታተልን እኹል ኣይኮነን።

እንተኾነ፡ ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ዘሎ ብድሆታት ንመደቡ ክዕንቅፎ ከምዘይክእል እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ዶናልድ ትራምፕ፡ ካብ 2017 ክሳብ 2021 መራሒ ኣመሪካ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣስታት 1.5 ሚልዮን ስደተኛታት ካብ ወሽጢ'ታ ሃገርን ካብ ዶባትን ከምዝሰጎጎ'ዩ ዝንገረሉ።

ብመሰረት ኣብ 2022 ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣስታት 11 ሚልዮን ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ኣለው።



## ቓዛ - ሰብኣዊ ሓገዛት ዝጸዓና መካይን ተዘሚተን

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ወሽመጥ ቓዛ፡ ሰብኣዊ ሓገዛት ጾዒነን ዝጉዓዛ ዝነበራ 109 ናይ ጽዕነት መካይን መንእሰያም ብዘይተፈለጡ ዕጡቓት ከምእተዘምታ ይግለጽ ኣሎ።

በቲ ዝተፈጸመ ዝምታ፡ 97 ካብ'ተን መካይን ከምዝጠፍኣ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ መራሕተን እውን ካብ'ቶም ዕጡቓት ብዘጋጠሞም ምፍርራሕ፡ ከሉ'ቲ ጾዒኖሞ ዝነበሩ ሰብኣዊ ሓገዛት ኣብቲ ከባቢ ከምዝራገፍዎ ኣመልኪቶም።



ብሰንኪ'ቲ ኣብ ደቡባዊ ቓዛ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው፡ ኣብዚ እዋን ናብቲ ቦታ ሰብኣዊ ሓገዛት ምጉዕዓዝ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኩነታት ከምዘሎ፡ ወከልቲ ፍልስጤማውያን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ሓቢሩ።

ምንቅስቓስ ሓማስ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ዝምታ ሰብኣዊ ሓገዛት ተዋፊሮም ከምዝጸንሑ ዝገለጾም 20 ዕጡቓት ከምዝቐተለ ኣፍሊጡ ነይሩ።

ብርክት ዝበሉ ሸፋቱን ኣብቲ ከባቢ ዝቕመጡ ነብርቲ፡ ካብ ቅድሚ ኣርባዕተ - ሓሙሽተ ኣዋርሕ ኣትሒዞም ኣብ ጎደናታት ንዝሓልፉ ዝኾነ ንጥፈታት ክዝርጉ ከምዝጀመሩ እዩ ኮሚሽነር ወከልቲ ፍልስጤማውያን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ፊሊፕ ላዛሪኒ ዝገለጾ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው፡ ሰብኣዊ ሓገዛት ዘጉዓዛ ናይ ጽዕነት መካይን ስርሐን ከሳልጣ ብዘይምኽኣለን፡ ልዕሊ 2 ሚልዮን ፍልስጤማውያን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ጥሜት ከይወድቁ ስግኣት ኣሎ።

## ሩስያ፡ ንሃገራት ምዕራብ ተጠንቅቕ

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ፌደረሽን ሩስያ፡ ዩክሬን ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ባለስቲካዊ ሚሳይል ኣመሪካ ተጠቒማ ኣብ መሬቱ መጥቃዕቲ እንተፈጺማ፡ ኣንፈትን ከነታትን ናይቲ ተወለዑ ዘሎ ኩናት ብቐጻሊ ከምዝቕየር፡ ንኣመሪካን መሻርኽታን ኣጠንቂቑ።

ሩስያ ነዚ መጠንቀቕታ'ዚ ትህብ ዘላ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጆ ባይደን፡ ዩክሬን ንሩስያ ንምጥቃዕ ብኣመሪካ ንዝተዋህባ ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ሚሳይል ክትጥቀም ፍቓድ ከምዝሃባ ኣብ ኣመሪካ እትሕተም ጋዜጣ 'ኒው የርክ ታይምስ' ድሕሪ ምሕባራ እዩ።

እቲ ብባይደን ተዋሂቡ ዘሎ ፍቓድ ኣብ ግብሪ እንተ ወዒሉ፡ ሩስያ ነቲ ስጉምቲ ከም ቀጥታዊ ተሳትፎ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ኣብ ኩናት ዩክሬን ብምውሳድ፡ ኣብ ልዕሊ እተን ሃገራት ካልእ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክትወስድ ከምእትኽእል እያ ተጠንቅቕ ዘላ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም፡ ፕረዚደንት ሩስያ ቪላድሚር ፑቲን፡ ሃገራት ምዕራብ ናብ ዩክሬን ዝልእኽኦ ዘለዋ ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ባለስቲካዊ ሚሳይል፡ 'ነቲ ኩናት ዘጋድድን ኣንፈቱ ዝቕይርን እዩ' ክብል ኣጠንቂቑ ምንባሩ ኣይርሳዕን።



ፑቲን ወሲኹ፡ ዩክሬን ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላት ኣመሪካ ተጠቒማ ንሩስያ እንተ ኣጥቂዓ፡ ሩስያ ምስ ሃገራት ኔቶ ናብ ቀጥታዊ ወተሃደራዊ ረጽሚ ክትኣቱ ክትግደድ ምዃና'ውን ኣገንዚቡ ነይሩ።

## ንጀርመንን ፊንላንድን ብትሕቲ ባሕሪ ዘራኽብ ገመድ ተበቲኹ

ንጀርመንን ፊንላንድን ብትሕቲ ባሕሪ ዘራኽበን ናይ ቴሌኮሚኒኬሽን ገመድ ከምእተበትከ፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን።

እቲ 1,170 ኪ.ሜ ንውሓት ዘለዎ ኣብ ባሕሪ ባልቲክ ዝርከብ መራኸቢ ገመድ፡ ዛጊት ጠንቁ ብዘይተነጸረ ምኽንያት ከምእተበትከ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ምብታኽ ናይቲ ገመድ፡ ኣባል ኔቶ ዝኾኑ ሃገራት ምዕራብ ምስ ሩስያ ዘለወን ወጥሪ እናበኣሰ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ብምኽሰቱ፡ ነቲ ወጥሪ መሊሱ ከየጋድዶ ተሰጊኡ ኣሎ።



እቲ ንርእሰከተማ ፊንላንድ - ሄልሲንኪን ንከተማ ሮስቶክን (ጀርመን) ዘራኽብ ፋይበር ምሉእ ብምሉእ ተቛሪጹ ከምዘሎ ዝሓበረ ተቐጻጻሪ ኔትዎርክ ፊንላንድ፡ እቲ ሓደጋ ብዘይ ኣድ ግዳማዊ ሓይሊ ባዕሉ ክኽሰት ከምዝይኽእል ኣዘኢሩ።

እንተኾነ፡ እቲ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ተኸሲቱ ዘሎ ምብታኽ ናይ ገመድ ቴሌኮሚኒኬሽን፡ ንዋሕዚ ኢንተርነት ከምዘይጸለዎ እዩ ክኢላ መጥቃዕቲ ሳይበር ፊንላንድ - ሳሙሊ በርግስትሮም ዝገለጾ።

ብተወሳኺ፡ ንሊትዊንያን ሽወደንን ዘራኽብ ናይ ቴሌኮሚኒኬሽን ገመድ'ውን ዝሓለፈ ሰንበት ጠንቁ ብዘይተነጸረ ምኽንያት ከምእተበትከ እዩ ክሕበር ቀንዩ።

በቲ ኣብ ባሕሪ ባልቲክ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ኣገልግሎት ኢንተርነት'ውን ተጸልዩ ከምዝቕጽል፡ ትካል ቴሌኮሚኒኬሽን ሊትዌንያ የረድእ።

## ሃገራት ኔቶ፡ ህዝበን ንኩናት የዳልዋ

ኣባላት ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዝኾኑ ሃገራት ምዕራብ፡ ህዝበን ንኩናት የዳልዋ ከምዘለዋ፡ ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ ማዕከን ዜና 'ሲ.ኤን.ኤን.' ኣቃሊሑ።

ብመሰረት እታ ማዕከን ዜና፡ እተን ሃገራት፡ ኩናት ምስ ዝኽሰት ህዝበን ብቐዳምነት ክገብሮ ዘለዎ ነገራት እንታይ ምዃኑ ዝሕብር ዝተፈላለየ ሓበሬታታት ይዝርግሓ ኣለዋ።

በዚ መሰረት፡ መንግስቲ ሽወደን፡ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ግዚያውያን ሓበሬታታት ዝሓዘት - 'ኣብ እዋን ሽግርን ኩናትን' ዝርእስታ ንእሽቶ መጽሓፍ ናብ ህዝቡ ዘርጊሑ ኣሎ።

እዛ ንልዕሊ 5 ሚልዮን መንበሪ ኣባይቲ እትዕደል ዘላ መጽሓፍ፡ ብሰንኪ'ቲ እናበኣሰ ዝኸይድ ዘሎ - ኩናት ዩክሬን ዘጠንሶ ጸጥታዊ ቅልውላው፡ ኣብዛ ዓመት ንካልኣይ ግዜኣ ትሕተም ከምዘላ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

መብዝሕትኡ ትሕዝቶታታ ድማ ህዝቢ ብሰንኪ ኩናት ክኽሰት ንዝኽእል ምቁራጽ መራኸቢታት፡ ሓይሊ ኤለትሪክ፡ ምቅያር ኩነታት ኣየርን ሕጽረት መሰረታውያን ጠለባትን ብኸመይ ክብድሆ ከምዝኽእል፡ ቀልዑን ወጹዓትን ዜጋታትን ብኸመይ ክእለዩ ከምዝኽእሉ ዝሕብር እዩ።

ፊንላንድ ብወገና፡ 'ምድላው ንኩነታትን ሽግርን' ዝብል ሓድሽ ዌብሳይት ክትዝርግሕ እንከላ፡ ኖርወያውያን እውን ንኩናት ዝዳሉ ዝተፈላለየ ፋምፍሌት ክቕበሉ ከምዝጀመሩ ተፈሊጡ ኣሎ።

መንግስቲ ሽወደን ብተወሳኺ፡ ህዝቢ ን72 ሰዓታት ዝኣክል ማይን መግብን ክኸዝን ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ኣሕምልቲን እንቋቑሖን ኣብ እዋን ኩናት ኣብ መኽዘኑ ብቕሩዕ ኣገባብ ክቕምጥ ተላቢዑ ኣሎ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 20/11/2024 | ጎደና እምበረሚ 755ቁ.ገዛ. ሚ/ሪ ሕርሻ | 181672 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services